# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 35 ዓመት ቁ.130 ዓርቢ 30 ጥሪ 2026 ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2
ብኸላ መግቢ ጾር ኣህጉራዊ ጥዕና


ገጽ 4

“ርእሰ- ምትእምማን፡ ድሌትን . . .

ገጽ 5
ወራር ቀይሕ ኮኾብን ታኼላ ቀይሕ መስመርን


ገጽ 8
ወግዒ ታሪኽ


ገጽ 11
ሻምፕዮን ኵዕሶ እግሪ ክለባት ደቂ-ኣንስትዮ ይቕጽል



## ኤርትራውያን ነበርቲ ኤውሮጳ ውዳበታቶም ዘሐይል ንጥፈታት ኣካዪዶም





ኤርትራውያን ነበርቲ ኒውካስትል - ዓባይ-ብሪጣንያ፡ ፍራንክፈርት - ጀርመን፡ ለዛርን - ስዊዘርላንድ፡ ከምኡ’ውን ሽወደን፡ ንቕሓቶም ብምብራኽ ውዳበታቶም ዘሐይል ንጥፈታት ኣካዪዶም። ብመሰረት ዝበጽሓና ሓበሬታ፡ ሓላፊ ህዝባውን ኮማውን ጉዳያት ኤምባሲ ኤርትራ ኣብ ዓባይ-ብሪጣንያን ኣየርላንድን ኣቶ ተወልደ የውሃንስ ብ25 ጥሪ ንኤርትራውያን ነበርቲ ኒውካስትል፡ ኣብ ህልው ኩነታት ሃገር፡ ዞባን ዓለምን ዘተኩረ ሰሚናር ኣካዪዱ። ኣብ’ቲ ብኤርትራዊ ማሕበረኮም ኒውካስትል ዝተወደበ ሰሚናር፡ ኣቶ ተወልደ፡ ንኣህጉራዊ ሕግታት ትርጉም ከም ዘይብሉ ዝገብር ዓለማዊ ክስተታት፡ ብዝይካ ንቕሓትካ፡ ስልጣንካ፡ ሓድነትካን ናይ ምውዳብ ዓቕምኻን ካልእ ውሕስነት ዘይብሉ ኣካል ይኹን ትካል ከም ዘየለ ዘጽር እናኾነ ይመጽእ ከም ዘሎ ኣብሪሁ። “ኣብ’ዚ ህልው መድረኽ፡ ኤርትራዊ ሃገራዊ መንነት ምኽባር፡ ከምኡ’ውን ሓድነትን ስልጣን ህዝብና ምድንፋዕ ወሳኒ’ዩ” ዝበለ ኣቶ ተወልደ፡ ዝም ኣሕድ ንምድልዳል ብዝተወፋይነት ምስራሕ፡ ቀንዲ ዕማም ሃገራውያን ውዳበታት ክኸውን ከም ዘዋፅእ ኣስሚሩሉ። ጸሓፊ ሃገራዊ ሽማግለ ዓባይ-ብሪጣንያን ኣየርላንድን ኣቶ ሃብቶም ተስፋገርግሽን ኣቦመንበር ኤርትራዊ ማሕበረኮም ኒውካስትል ኣቶ ቢንያም እምባየን በበወገኖም፡ ንኸኣስ ትግባረ ፕሮጀክት ምስራሕ ኣሕዳሪት ቤት-ትምህርቲ ጠያ ዝምልከት መብርሂ ሂቦም።

እዚ ከም’ዚ’ሉ እንከሎ፡ ሃገደኤ ንኡስ ጨንፈር ፍራንክፈርትን ከባቢኡን - ጀርመን ብ17 ጥሪ ሰሚናር ኣካዪዱ። ኣደ-መንበር ሃገደኤ ጨንፈር ጀርመን ወ/ሮ ልኡል ተወልደ ኣብ ዘካየደቶ ሰሚናር፡ ንታሪኻን ኣበርክቶን ሃገደኤ ኣብ ዝተፈላለየ መድረኻት ብዝርዝር ድሕሪ ምግላጽ፡ ሎሚ’ውን ከም ትማሊ ኣብ ሓድነት ሕብረተሰብ ብምጭባጥ፡ ጥረናፈን ውዳበን ብምዕባይን ብምውርጻጽን ንዝበረኸ ወጽኢት ደሰርሕ ከም ዘሎ ኣብሪሃ። ሓላፊ ህዝባውን ኮማውን ጉዳያት ኣቶ ጠዓመ ሃደለ ድማ፡ ኤርትራዊት ጓል-ኣንስተይቲ መትከል ህላወን ቀጻልነትን ሃገር ከም ዝኾነት ብምሕባር፡ ደቂኣንስትዮ ኣብ ጸላኢ ሃገደኤ ተወዲበን ዓቢ ስራሕ ይዓማ ከም ዘለዋ ገሊጹ። ሓላፊ ቈንሳላዊ ጉዳያት ኣቶ ክብርኣብ ተኽለ ብወገኑ፡ ኣብ ከተማታት ጀርመን ዝርከባ ደቂኣንስትዮ ውዳበአን ኣደልዲለን መድረኽ ዝሓቶ ተሳትፎን ኣበርክቶን ከም ዘበርክታ ዘለዎ እምንቶ ልዑል ከም ዝኾነ ኣብሪሁ። ኣብ’ቲ ኣጋጣሚ፡ ኣደ-መንበር ሃገደኤ ንኡስ ጨንፈር ፍራንክፈርትን ከባቢኡን ወ/ሮ ብስራት ወልዳይ፡ ብደረጃ’ቲ ንኡስ ጨንፈር ናይ ዝተሰላሰለ ንጥፈታት ጸብጻብ ኣቕሪባ። ብተመሳሳሊ፡ ፈጻሚ ጉዳያት ኤምባሲ ኤርትራ ኣብ ስዊዘርላንድ ከምኡ’ውን ቀዋሚ ልኡኽ ኣብ ኮሚሽን ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት ሃገራት ኣቶ ሃብቶም ዘርኣይ፡ ኤርትራዊ ሃገራዊ ውዳበታት ኣብ ምዕዋት መደባት ልምዓት ዘለዎ ኣበርክቶ ልዑል ምዃኑ ገሊጹ። ብ25 ጥሪ ምስ ኤርትራውያን ተቐማጦ ለዛርን ኣብ ዝገበሮ ርክብ፡ ኣቶ ሃብቶም፡ ውዳብ ንዋሕድና ኣራብሐ ንሃገራዊ ሓድነትና ዘራጉድ ብምዃኑ፡ ብዝለዓለ ክስራሓሉ ከም ዘዋፅእ ኣብሪሁ። ኣብ መወዳእታ ድማ፡ ንሓፈሻዊ ህልው ኩነታት ሃገርና፡ ዞባን ዓለምን ዝምልከት መግለጺ ድሕሪ ምሃብ፡ ካብ ተሳተፍቲ ንዝቐረበ ሕቶታት መልሲ። ብኻልእ ወገን፡ ሃገራዊ ሽማግለ ሽወደን ብ24 ጥሪ ዓመታዊ ገምጋም ስርሑ ኣካዪዱ። ኣብ’ቲ ገምጋም፡ ኣደ-መንበር ናይ’ቲ ሃገራዊ ሽማግለ ወ/ሮ ዛይድ ዑቕባዝጊ ጽማቑ ሓፈሻዊ ጸብጻብ፡ ሓይሊ ዕማማት ሃገራዊ ሽማግለ ድማ በበወገኖም ዝርዝራዊ ጸብጻባቶም ኣቕሪቦም። ተሳተፍቲ ድሕሪ ዘካየድዎ ዘተን ክትዕን ውጥን ስራሕ 2026 ኣጽዲቖም። ፈጻሚ ጉዳያት ኤምባሲ ኤርትራ ኣብ ሃገራት ስካንዲናቪያ ኣቶ መሓመድ-ዓሊ መሓመድ-ሰዒድ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ስጥመት ሃገራዊ ሽማግለን ካልኦት ሃገራውያን ውዳበታትን ብምድልዳል፡ ተሓንጺጹ ዘሎ መደባት ንምዕዋት ብዝተወፋይነት ክስራሕ ኣዘኻኺሩ።

## ማእከል - ክፍሊ ቱሪዝም ኣብ ስልጠናን መጽናዕትን ዘተኮረ ስራሕ ከምእተዓመ ሓቢሩ

ክፍሊ ቱሪዝም ዞባ ማእከል፡ ኣብ 2025 ኣብ ስልጠናን መጽናዕትን ዘተኩረ ውጽኢታዊ መደባት ከምእተተግበረ ገሊጹ።

ዋና ዳይረክተር ናይ’ቲ ክፍሊ ወ/ሮ ልያ ጉብረኣብ ንኤሪና ኣብ ዝሃበቶ ሓበሬታ፡ ምስ ናይ ስራሕ መሻርኽቲ ብምውህሃድ ንወሃብቲ ውሉቢ ኣገልግሎት ትካላት ኣስተምህሮታትን ኣኼባታትን ብምውዳብ፡ ኣብ ቀረብ ጽፈትን ስሉጥነትን ምምሕያሽ ንምምጻእ ይሰርሕ ከም ዘሎ ኣብሪሃ።

ወሃብቲ ኣገልግሎት ትካላት ማለት ኣብያተ-ማስተ፡ ኣብያተ-መግበን ኣብያተ-ምቁር ሕብስትን፡ ኣብ 2025 ሰላሳቦተን ንምዕባይ ዝተኻየደ መደብ ዝማስነን ከም ዝዘበረ ብምሕባር፡ ዝተወደበ ቅኑ ቱሪዝም’ውን ህዝቢ ዝምገበሉን ዝተፈላለየ ትካላት ፍርያተን ዘላልያሉን ባይታ ኣብ ምጥጣሕ ልዑል ተራ ከም ዘበርክ ክደፋኣሉ ምዃኑን ኣረዲኣ።

ወ/ሮ ልያ ኣስዒባ፡ እቲ ክፍሊ ክንዮ ምቁጽጻር ትካላት፡ ንቕሓትን ኣፍልጦን ወሃንትን ሰራሕተኛታትን ንምዕባይ፡ ከምኡ’ውን ወሃብቲ ኣገልግሎት ትካላት ብቕዓተንን ጽሬተንን ክብ ንምባል ስልጠናታት ከም ዝወሃብ ገሊጻ።

ኣብ’ተን ትካላት ኣብ ዝርኣ ጉድለታትን ብልጫታትን ብምምርኳስ’ውን ናይ ማዕዳን ምኽርን ንጥፈታት ከም ዝሰላሰል ሓቢራ።



## ኣሕዳሪት ቤት-ትምህርቲ ፎርቶ-ሳዋ፡ ኣብ ተሳታፍነት ደቂኣንስትዮ ኣበርክቶ ትገብር ኣላ

ኣሕዳሪት ቤት-ትምህርቲ ማእከላይን ካልኣይን ደረጃ ፎርቶሳዋ፡ ተሳታፍነትን ብቕዓትን ተመሃሮ ደቂኣንስትዮ ክብ ኣብ ምባል ዝማስነን ኣበርክቶ ትገብር ከም ዘላ፡ ርእሰ-መምህር ናይ’ታ ቤት-ትምህርቲ መምህር መሓመድ-ጀማዕ መሓመድ ሓቢሩ።

ኣብ 1998 ካብ 10 ዘይሓልፍ ዝነበረ ቁጽሪ ደቂኣንስትዮ፡ ኣብ ዓመተ-ትምህርቲ 2025/2026 ናብ 466 ከም ዝበረኸ ብምጥቃስ፡ ተወዳዳርነተን’ውን ማዕረ-ማዕረ ተሳታፍነተን ይብርኽ ከም ዘሎ ኣረዲኡ።

መምህር መሓመድ-ጀማዕ ኣስዒቡ፡ ብሰንኪ ሰበኽ-ሳዕዛዊ መንበርን ደኣንትኩት ንቕሓትን ነቲ ዘሎ ናይ ትምህርቲ ዕድል ብግቡእ ዘይጥቀማሉ ስድራቤታት ስለዘለዋ፡ ዝተወሃሃደ ኣኼባ ክቕጽል ኣተሓሳሲቡ።

ሓለፍቲ ሰልምምህርና መምህር ሰናይት ዓብደላ ብወገና፡ ተሳታፍነት ደቂኣንስትዮ ምስ ናይ ዝሓለፈ ዓመት ክነጻጸር ከሎ ብልዕሊ 6 ሚእታዊት ከም ዝወሰኸ፡ ካብ’ተን ኣብ ሃገራዊ ፈተና 8ይ ክፍሊ ዝተሳተፋ 130 ተመሃሮ ድማ እተን 128 ከም ዝሓለፋ ብምጥቃስ፡ እዚ ወጽኢት ናይ’ታ ኣሕዳሪት ቤት-ትምህርቲ ዝፈጠረቶ ምቹእ ባይታ ከም ዝኾነ ኣረዲኣ።

ተመሃሮ ብወገኖም፡ ኣብ’ታ ኣሕዳሪት ቤት-ትምህርቲ ዝረኽብኦ ዘለዉ ቀረብን ኣገልግሎትን ቀሲንን ክመሃሩ ከም ዝሕግዞም ብምሕባር፡ ኣብ ዝለዓለ ደረጃ ንኽበጽሓን ንካልኦት ደቂኣንስትዮ ንኽኾና ኣርኣያ ከም ዝጽዕራ ገሊጸን።



# ጥዕና

ሱሌማን ኣሕመድ

## ብከላ መግቢ ጾር ኣህጉራዊ ጥዕና



ዓመታዊ 600 ሚልዮን ሰባት (1 ካብ 10 ምኻኑ እዩ) ዝተበከለ መግቢ ብምምጋብ ይሓሙ። ካብዚኦም ልዕሊ 420 ሽሕ ሰባት ኣብ ዓመት ህይወቶም ከም ዝሰኣኑ ጸብጻብ ውድብ ጥዕና ዓለም የመልክት።

ብመሰረት ጸብጻብ ውድብ ጥዕና ዓለም፡ እቶም 40 ሚእታዊት ግዳያት ትሕቲ 5 ዓመት ዝዕድመኦም ህጻናት ክኾኑ እንከለዉ፡ ኣስታት 125 ሽሕ ካብቶም ህጻናት ድማ ኣብ ዓመት ህይወቶም ይስእኑ። እዚ ልዑል ኣህጉራዊ ጽልዋ ዘለዎ ጥዕናዊ ጸገምʼዚ፡ ብፍላይ ኣብተን ትሑት ቁጠባዊ እቶት ዘለወን ሃገራት ከቢድ ክሳራታት ክፈጥር እዩ ዝርኣ።

ጽልዋ ምብካል መግቢ ብኣህጉራዊ ዞባ

• ውድብ ጥዕና ዓለም ብዘውጽኦ ጸብጻብ፡ ምዕራባዊ ዞባ ፓስፊክን ኣፍሪቃን፡ ብምብካል መግቢ ዝያዳ ዝጥቃዕ ዞባ ዓለምና ተባሂሉ ይፍለጥ።

• ኣብ ዝተኸዘ መግቢ ወይ ኣእካል ዝርአ ሰብኡ ጠንቂ መንሽሮ ጸላም ኩብዲ ኮይኑ፡ ዓመታዊ ህይወት ኣሽሓት ግዳያት ይቐዝፍ። 70 ሚእታዊት ናይዞም ግዳያት ኣብ ዞባ ምዕራብ ፓስፊክ ከም ዘጋጥም ይንገር።

• ጥረ ወይ ብግቡእ ዘይተኸሸነ ስጋ ወይ ዓሳ፡ እቲ ዝያዳ ጠንቂ ምብራዝ መግቢ ኮይኑ ዝጥቀስ ዓይነት መግቢ እዩ።

• ኣብ 2025 ብዝተኻየደ መጽናዕቲ፡ ላኦስ፡ ቦሊቭያ፡ ደቡብ ኮርያ፡ ታይላንድን ፔሩን ልዑል ጥርዓናት ምብካል መግቢ ካብ ዘቕረባ ሃገራት እየን።

**ምብካል መግቢ እንታይ እዩ፧**

መግቢ-ወለድ ሕማማት፡ ብዙሕ ግዜ ምስ ምብካል/ ምምራዝ መግቢ እዩ ዝተሓሓዝ፡ ቀንዲ ምልክታቱ ተምላስ፡ ዕግርግርን ውጽኣትን እዮም።

ምብካል መግቢ ብኣግኡ ግቡእ ቆላሕታ እንተረኺቡ ቀልጢፉ ክሓዊ ይኽእል እዩ፡ ንገለ ውሑዳት ግና ኣብ ጥዕንኦም ከቢድ ጉድኣት ብምውራድ ክሳብ ሞት ከም ዘብጽሖም ይንገር።

**ብመግቢ ዝተበከለ ሰብ ዘርእዮ ምልክታት**

ብመግቢ ዝተበከለ ሰብ ዘርእዮ ምልክታት ብጠንቂ ናይቲ ኑቲ ረኽሲ ዘስዕብ ቫይረስ ወይ ባክተርያ ይፈላለ እዩ። እቶም ልሙዳት ምልክታት፦

• ቅርጸት፡
• ውጽኣት፡
• ዕግርግር ምባል፡
• ተምላሰ፡
• ምዕጻው ሸውሃት፡
• ረስኒ፡
• ድኻም ሰብነት፡
• ሕማም ርእሲ እዮም።

እቲ ምብካል መግቢ ህይወት ዝፈታትን እንተኾይኑ ዘርዮ ምልክታት ድማ፡

• ንልዕሊ 3 መዓልታት ዝቐጽል ተደጋጋሚ ውጽኣት፡
• ልዕሊ 38.9 ዲግሪ ሰንቲ ግሬድ (ልዕሊ 102 ፋራናይት) ዝኸይድ ረስኒ፡
• ብሰንኪ ምሒር ድኻም ብቐሊሉ ክትርእን ክትዛረብን ዘይምኽኣል፡
• ምንቃጽ ኣፍን ሽንቲ ምስኣን ዝኣመሰሉ ከቢድ ድርቀት ከም ዘለካ ዝሕብሩ ምልክታት ምርኣይ፡
• ኣብ ሽንትኻ ደም ምሕዋስ እዮም።

ብመግቢ ተበኪልካ ዝም ዝስዕቡ ምልክታት ምስ እተርኢ ተቐላጢፍካ ናብ ሓኪም ክትከይድ ከም ዘለካ ኣይትዘንግዕ!!

ብመግቢ ዝተበከለ ሰብ ብቐልጡፍ ክሓዊ እንተዘይክኢሉ ንዝተፈላለዩ ሕዱር ሕማማት ግዳይ ክኸውን ይኽእል። ብዝተበከለ መግቢ ዝስዕብ ረኽሲ፡ ሕዱር ሕማም መላግቦ ኣዕጽምቲ፡ ዕንወት ኣብ ሓንጎልን መትንን፡ ከምኡʼውን ጉድኣት ኣብ ኩሊት ከውርድ ይኽእል።

**ብመግቢ ድሕሪ ምብካልካ ተርእዮ ምልክታት ክሳብ ክንደይ እዩ ዝጸንሕ?**

እቲ ተርእዮ ምልክታት ብመጠን ናይቲ ረኽሲ ይፈላለ እዩ። ንውሓት ግዜ እቲ ተርእዮ ምልክታት ካብ 30 ደቓይቕ ክሳብ 8 ሰሙናት ክኸውን ይኽእል።

ብፍወሳ ይኹን ብዘይ ፍወሳ ኣብ ብዙሕ ኣጋጣሚታት እቲ ሕማም ኣብ ውሽጢ ሓደ ሰሙን ክሓዊ ይኽእል።

**ጠንቅታት ምብካል መግቢ**

ምብካል መግቢ ብባክተርያ፡ ቫይረስ ወይ ብጾግዕተኛ እዩ ዝስዕብ፡ ኣብ መብዝሕትኡ ኩነታት፡ እቲ መግቢ ብʼሳልሞኔላʼ (salmonella) ወይ ʻኢ. ኮላ.ʼ (E. coli) ብዝተባህሉ ዓይነት ባክተርያ፡ ʻኖሮቫይረስʼ (norovirus) ብዝተባህለ ዓይነት ቫይረስ እዩ ዝበከል።

ኖሮቫይረስ (norovirus)፡ ሮታቫይረስ (rotavirus)፡ ኣስትሮቫይረስ (astrovirus) ዓይነት ቫይረስ ኮይናም ምብካል መግቢ ከስዕቡ ይኽእሉ።

ብጾግዕተኛ ዝስዕብ ምብካል መግቢ፡ ከም ናይ ባክተርያ፡ ብዙሕ ልሙድ ኣይኮነን።

• ቶክሶፕላዝማ ጎንዲ (Toxoplasma gondii)
• ጃርዲያ ላምብሊያ (Giardia lamblia)
• ዝተፈላለዩ ዓይነታት ሓቢ (tapeworms) ምብካል መግቢ ከስዕቡ ዝኽእሉ ጾግዕተኛ እዮም።

ኣብ ኩሉ እንወስዶ መግብታት ሰቡብ ሕማም ዝኾኑ ታህዋሲያን (pathogens) ይርከቡ እዮም። እዞም ታህዋሲያንʼዚኦም ግና ኑቲ መግቢ ክንበስሎ እንከለና ስለ ዝሞቱ ናብ ውሽጢ ኣካላትና ኣይኣትዉን እዮም። ስለዚ፡ ሓደ ካብቲ ዝዓበየ ጠንቂ ምብካል መግቢ ብጥረኡ ምምጋብ እዩ።

ኣብ ገለ ኣጋጣሚታት እቲ ንወስዶ መግቢ ምስ ቀልቀል ወይ ውጽኣት ዝተራኸበ ክኸውን ይኽእል እዩ። እዚ ብዙሕ ግዜ ኑቲ መግቢ ዘዳሉ ሰብ፡ ሕሙም ከምኡʼውን መግቢ ኣብ ዘዳልወሉ እዋን ኣእዳዉ ብግቡእ ከይተሓጸበ ብምጽንሑ ኪጋጥም ይኽእል።

ስጋ፡ እንቋቝሖ፡ ጸባን ውጽኢት ጸባን ብቐሊሉ ክበከሉ ዝኽእሉ ዓይነታት መግቢ እዮም። ማይʼውን ሕማም ከስዕቡ ብዝኽእሉ ታህዋሲያን ክበከል ይኽእል እዩ።

**ብመግቢ ዝተበከለ ሰብ ብኸመይ ንፍወሶ?**

ግዳይ ዝተበከለ መግቢ ዝኾነ ሰብ፡ እቲ ኩነታት ደሓን እንተኾይኑ፡ ኣብ ገዛ ክንፍውሶ ከም ዝከኣል እዩ ዝግለጽ። ብኸመይ፧

**ኣካላቱ ከም ዝጠልል ብምግባር**

ብመግቢ ምስ እትበከል ኣካላትካ ምጥላል እቲ ቀዳማይ ክትገብሮ ዝግበኣካ ፍወሳ እዩ። ብዝበዝሒ ማይ ምስታይ። ጽሙቝ ፍሩታታት ምውሳድ።

ካፌን ዘለዎም ዓይነት መስተ ካብ ምውሳድ ምቑጣብ።

ውጽኣትን ተምላስን ደው ኩብሉ ዝኽእሉ መድሃኒት ምውሳድ

እዚ ምስ ሓኪም ወይ ምስ ክኢላታት ፋርማሲ ተመያዪጥካ ክትወስዶ ዝግበኣካ መድሃኒት ምኻኑ ምስትብሃል።

ዕረፍቲ




ብመግቢ ዝተበከለ ሰብ ቀልጢፉ ክሓዊ እንተኾይኑ እኹል ዕረፍቲ ክገብር ከም ዝግብኦ ሓካይም ይመኽሩ።

**ኣስተውዕል!**

እቲ ኩነታት ከቢድ እንተኾይኑ ግና ተቐላጢፍካ ናብ ሓኪም ክትከይድ ከም ዘለካ ኣይትዘንግዕ።

**ብመግቢ ዝተበከለ ሰብ እንታይ ክበልዕን ክሰትን ኣለዎ?**

ብመግቢ ዝተበከለ ሰብ ክሳብ እቲ ውጽኣትን ተምላስን ዝገድፎ፡ ቀብኣት/ ስብሒ ዘይብሉ ፍኹስ ዝበለ መግብታት ክምገብ ከም ዘለዎ እዩ ዝምከር።

• ባናና፡
• ሩዝ፡
• ኣጃ (oatmeal)
• ዝተጠበሰ ኣሕምልቲ፡
• ዝተቓጠነ ጽሙቝ ወዘተ።

**ክወስዶ ዘይግብኦ**

ከስዐ ናብ ንቡር ምእንቲ ክምለስ፡ ንምሕቃቕም ከበድቲ ዝኾኑ መግብታት ካብ ምውሳድ ክቑጠብ ይግባእ። ንኣብነት፦

•ጸባን ውጽኢት ጸባን፡
• ቀብኣት ዘለዎም መግብታት፡
• ዝተቐልወ መግብታት፡
• ልዑል ሽኮር ዘለዎም መግባታት፡
• ቀመም ዝኣተዎ መግብታት፡
• ቡን ከምኡʼውን
• ኣልኮላዊ መስተ።

ብመግቢ ብቐሊሉ ዝበከሉ ሰባት መን እዮም፧

ዝኾነ ሰብ ብመግቢ ክበከል ይኽእል እዩ። ዕምሩ ምሉእ ብመግቢ ተበኪሉ ዘይፈልጥ ሰብ የለን። ዝያዳ ተኣፈፍቲ ሰባት ግና ኣለዉ።

• ንጡፍ ስርዓተ-ምክልኻል ሕማም ዘይብሎም ሰባት፡
• ነፍሰጾራት፡
• ሽማግለታት፡
• ትሕቲ ዕድመ ህጻናት።

**ብምብካል መግቢ ክስዕብ ዝኽእል ሕማም ብኸመይ ንከላኸሎ?**

እቲ ዝበለጸ ኣገባብ መከላኸሊ፡ ግቡእ ጽሬት ኣተሓሕዛ መግቢ ምህላው እዩ። ገለ ዓይነት መግቢ (ንኣብነት ስጋን ዓሳን) ብቐሊሉ እዮም ዝምረዙ። ኣብ ኣተሓሕዝኦም ከቢድ ጥንቃቐ እዩም ዝሓቱ። ንመግቢ ክትዳልዎም እንከለኻʼውን ብግቡእ ክበስሉ ይግበኦም።

መግቢ ኪይበሰለ ኣብ እትምገበሉ እዋን ብቐሊሉ ቡቲ መግቢ ክትበከል ትኽእል። እቲ መግቢ ንብልዓሉ ኣቒሓ ብግቡእ እንተዘይጸሪዩ ንባዕሉ ምብካል መግቢ ከስዕብ ይኽእል እዩ።

**ምብካል መግቢ ንምክልኻል፦**

- ቅድሚ መግቢ ምድላውናን ቅድሚ መግቢ ምምጋብናን ኣእዳውና ክንሕጽብ ይግባእ።

- ዝዳለናዮ መግቢ ብግቡእ ተዓቂቡ ምህላዉ ክረጋገጽ የድሊ።

- እቲ ነዳልዎ መግቢ፡ ብፍላይ ድማ ስጋ፡ ዓሳን እንቋቝሖን፡ ብግቡእ ክበስሉ ከም ዘለዎም ምስትብሃል።

- ኣሕምልትን ፍረታትን ቅድሚ ንመግቢ ምድላውካ ብግቡእ ክተጸርዮም ይግባእ።

- መግቢ ንምስራሕን ምቕራብን እትጥቀመሉም መሳርሒታት ዝመኸኑን ዝጸረዩን ምኻኖም ምርግጋጽ።


ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ

ምክትል ኣሰናዳኢ
ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ቍ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ ሰሎሜ ኣፈወርቂ
ፋጥና ኣድም

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቍ.ስ.113395-07588045
ምልክታ
ቍ.ስ. 125013 - ቍ.ሳ.ጶ. 1284

# ትንታነ ዜና

ሚርያም ኣብርሃም

## ተልእኾ ወተሃደራዊ ኣሃዱ ኣመሪካ ኣብ ማእከላይ ምብራቕ እንታይ'ዩ?

ኣብ'ዘን ዝሓለፋ ቀረባ መዓልታት፡ ኣመሪካ፡ 'ኣብርሃም ሊንከን' ዝተሰምየት፡ ነፈርቲ ውግእ እትስከም ዓርሞሽሻዊት መርከብ ውግእ ናብ ማእከላይ ምብራቕ ልኢኻ ኣላ። እዛ ነፈርቲ ውግእ፡ ክሩዝ ሚሳይላት፡ ጸረ ነፈርትን ካልእ ወተሃደራዊ መሳርሒታትን ጸዒና ናብ ህንዳዊ ውቅያኖስ ኣምሪሓ ዘላ መርከብ ውግእ፡ ተልእኾኣ ኣብ ልዕሊ ኢራን ወተሃደራዊ ስርሒት ንምኪያድ ምዃኑ እዮም ዝተፈላለዩ ተንተንቲ ዝገልጹ ዘለዉ። ኣመሪካ ብዘይካ'ዚ፡ ካልኦት ብርክት ዝበላ ነፈርቲ ውግእን መከላኸሊ ኣየርን እውን ናብ ማእከላይ ምብራቕ ትልእኽ ከም ዘላ'ዩ ዝሕበር ዘሎ። ሰብ መዚ ኢራን፡ ኣመሪካ ኣብ ልዕሊ ሃገሮም ዝኾነ መጥቃዕቲ ምስ እተካይድ፡ ኣዝዩ ሓደገኛ ዝበሉዎ ግብረ መልሲ ክህቡሉ ምዃኖም እዮም ዘጠንቀቑ ዘለዉ። ጎረቤቲ ኢራን ዝኾና ሃገራት ወሽመጥ እውን፡ መሬተን ኪሊ ኣየረን ይኹን ማያተን ንኢራን ንምጥቃዕ እንተ ደኣ ኣፍቂደን፡ ዒላማ መጥቃዕቲ ኢራን ከም ዝኾና እቶም ሰብ መዚ የጠንቀቑ ኣለዉ። በዚ ድማ፡ ኣመሪካ ኣብ ልዕሊ ሃገሮም መጥቃዕቲ እንተ ኣካይዳ፡ ዞባ ማእከላይ ምብራቕ ብቐሊሉ ናብ ዘይግመት ሕንፍሽፍሽ ክኣቱ ምዃኑ ደጋጊሞም የተሓሳስቡ ኣለዉ። ብተወሳኺ፡ ኣመሪካ ነዛ ደርማስ መርከብ ኩናት ናብ ማእከላይ ምብራቕ ኣብ ዘለኣኸትሉ እዋን፡ ኢራን ኣብ ዝሓለፈ ረቡዕ ኣትሒዛ ንሰለስተ መዓልታት ዝቐጸለ ጽዑቕ ወተሃደራዊ ልምምድ ኣብ ከባቢታት ወሽመጥ ሆርሙዝ ከተካይድ ቀንያ። ሲቪል ኣቬሸን ኢራን፡ እቲ ወተሃደራዊ ልምምድ ቅድሚ ምኽያዱ፡ ኣብቲ ከባቢ ዝኾነ በረራታት ከይካየድ ኣጠንቂቑ ነይሩ።

መርከብ ውግእ 'ኣብርሃም ሊንከን'፡ ሓንቲ ካብ'ተን ኒኩሌሳዊ ኣጸዋር ክዋደደለን ዝኽእላ መራኽብ ውግእ ኣመሪካ ክትከውን እንከላ፡ ኣብ ሓደ እዋን ልዕሊ 5000 ኣባላትን ኣስታት 80 ነፈርቲ ኩናትን ክትጽዕን ትኽእል።

ቅድሚ ሓደት ሰሙናት ኣብ ሓያለ ከተማታት ኢራን ዝተኻየደ ህዝባዊ ተቓውሞታት፡ ነታ ሃገር ናብ ከቢድ መዋጥር ሸማግምቀንጁ እዩ። እቲ ፈለማ ብሰንኪ ናህሪ ዋጋታትን ምንቁልቋል ክብሪ ሃገራዊ ባጤራ ኢራንን ዝጀመረ ህዝባዊ ተቓውሞታት፡ ድሒሩ ኣንፈቱ ብምቕያር፡ እቲ ብላዕለዋይ መንፈሳዊ መራሒ ኣያቶላህ ዓሊ ኻመኒ ዝምራሕ መንግስቲ ካብ ስልጣኑ ክወርድ እዩ ክጠልብ ተሰሚዑ። ንጋዶ ከተማ ጤሕራን፡ ኣብ መወዳእታ ታሕሳስ ብሰንኪ ልዑል መጠን ዝቕባበ ብዘሰዓበ ናህሪ ዋጋታት ንግዳዊ ዋኒኖም ከሰላስሉ ከም ዘይከኣሉ ንምግላጽ እዮም ናብ ጎደናታት እታ ከተማ ወጺኦም ተቓውሞኦም ከስምዑ ተራእዮም። ቀጺሎም ድማ ካልኦት ብኣሽሓት ዝቑጸሩ ኢራናውያን፡ ነቲ ዝተኸስተ ናህሪ ዋጋታት ምኽንያት ብምግባር ኑቲ ተቓውሞ ተጸንቢሮሞ።

በዚ ከኣ እቲ ህዝባዊ ተቓውሞታት ናብ'ተን ኣብ 31 ዞባታት እታ ሃገር ዝርከባ 180 ከተማታት ክልሕምን፡ ብኡ መጠን ሰፊ ዘይብል ሰባዊን ንዋታውን ዕንወት ከውርድን ተራእዩ። ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ኢራን ዓባስ ዓራግቺ ድሒሩ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ በቲ ተኸሲቱ ዝቐጸለ ህዝባዊ ተቓውሞታት፡ ኣስታት 305 ኣምቡላንትን ኣውተቡሳትን ከም እተቓጸላ፡ ልዕሊ 27 መዕደሊ ነዳዲ ዝኾኑ ዓንጸም ኣብ ሰራሕ ወጻኢ ከም ዝኾኑ፡ ከምኡ ድማ ልዕሊ 700 መኽዘናት፡ ኣስታት 414 ናይ መንግስቲ ኣባይቲ፡ ልዕሊ 200 ኣብያተ ትምህርቲ፡ 350 መሳጊድን 15 ኣብያተ ንቡጽን ከም ዝዓነዉ ገሊጹ። ብሓፈሻ ክረአ እንከሎ፡ ኣብ 21 ከተማታት እታ ሃገር ናይ ኣስታት 80 ሚልዮን ዶላር ክሳራታት ከም ዝወረደ ድማ፡ እቲ ብዓል ስልጣን ወሲኹ ኣመልኪቱ።

ፕረዚደንት ዶናልድ ትራምፕ ብወገኑ፡ ኑቶም ኣብ ኢራን ተቓውሞ ከካይዱ ዝቐንዑ ሰልፈኛታት ደገፉ ብምግላጽ፡ ተቓውሞኦም ኣብርቲዖም ንኽቕጽልዎ ብዋህዶ ኩተባብዖም ተሰሚዑ እዩ። ፕረዚደንት ትራምፕ ብዘይካ'ዚ፡ መንግስቲ ኢራን ኣብ ልዕሊ'ቶም ተቓውሞ ዘካይዱ ዜጋታቱ ናይ ሞት መቕጻዕቲ እንተ በይኑ፡ ኣመሪካ ወተሃደራዊ ጣልቃ ክትኣቱ ምዃና እዩ ብትሪ ከጠንቀቐ ተሰሚዑ። ድሒሩ ንጹር ቁጽሪ ናይ'ቶም ኣብ ኢራን ብሓይልታት ጸጥታ ዝተቐትሉ ሰልፈኛታት ኣብ ዘረኽበሉ ሰዓት እውን ኣብ ልዕሊ ኢራን ስጉምቲ ከም ዝወስድ ኣጠንቂቑ ነይሩ።

ብዙሓት ወገናት፡ "ኣመሪካ ስለምንታይ እያ ኣብ ኢራን ንዝተኸስተ ህዝባዊ ናዕቢ ክቕጽል ትደፋፍእ ዘላ?" ዝብል ሕቶታት ከልዕሉ ቀንዮም እዮም። ብዙሓት ተንተንቲ ፖለቲካ ከም ዝገለጹዎ፡ ኢራን ብዘለዋ ዕቑር ጸጋታት ነዳዲን ስትራተጂያዊ ኣቀማምጣን፡ ብዓይኒ ፖሊሲ ወጻኢ ኣመሪካ ከም ሓንቲ ኣገዳሲት ሃገር እያ ትረአ። እዚ ማለት፡ ኢራን ብዘለዋ ልዑል መጠን ዕቑር ነዳዲ፡ ኣብ ወሽመጥ ፋርስ ኣብ ቅድሚት እያ ትስራዕ። ከምኡ'ውን እታ ሃገር ኣብ ዶብ ሕብረት ሶቭየት ነበር እትርከብ ብምዃና፡ ካልእ ጂኦፖለቲካዊ ኣገዳስነት ከም ዘለዋ እዮም እቶም ተንተንቲ ዝገልጹ። ብመሰረት ጸብጻባት፡ ኢራን ኣስታት 10 ትሪልዮን ዶላር ዝግመት ዕቑር ነዳዲ ትውንን። በዚ ከኣ፡ ኣመሪካ ኣብታ ሃገር ቁጠባዊ ረብሓታታ ንምውሓስ፡ ኑቲ ኣብ ኢራን ተላዒሉ ዝቐጸለ ህዝባዊ ተቓውሞታት ከተንበድብዶ ቀንያ።

ብዘይካ'ዚ፡ ፕረዚደንት ትራምፕ፡ እቲ ህዝባዊ ተቓውሞታት ኣብ ዝቕጽለሉ ዝነበረ እዋን፡ ምስ ኢራን ንግዳዊ ልውውጥ ዘካየደት ዝኾነት ሃገር፡ ናይ 25 ሚእታዊት ቀረጽ ክውሰኻ ምዃኑ ኣጠንቂቑ ነይሩ። ንሱ ወሲኹ፡ ምስ ኢራን ንግዳዊ ሽርክነት ዘለወን ሃገራት ኑቲ ንግዳዊ ልውውጥ ብቕጽበት እንተ ዘይኣቋረጻኦ፡ መጠን ቀረጽ ናይቲ ናብ ኣመሪካ ዝልእኻኦ ንግዳዊ ምህርትታተን ብ25 ሚእታዊት ክውሰኽ ምዃኑ ኣፍሊጡ ነይሩ። እንተኾነ፡ ሓንቲ ካብ'ተን ቀንዲ ንግዳዊ መሻርኽቲ ኢራን ዝኾነት ፈደረሽን ሩሲያ፡ ምስታ ሃገር ዘለዋ ንግዳዊ ዝምድና ብዝኾነ ይኹን ናይ ወጻኢ ሓይሊ ከም ዘይጽሎ ብምግላጽ ኣብ ትሕቲ ዝኾነ ይኹን ኩነት ኑቲ ንግዳዊ ልውውጥ ከም ዘይተቋርጾ ብምግላጽ ኑቲ መጠንቀቕታ ነጺጋቶ። ኣብ ዝሓለፈ ዓመት፡ ሩሲያን ኢራንን መጠን ናይ ዞካይዳኦ ንግዳዊ ልውውጥ ናብ 6 ቢልዮን ዶላር ክብ ከብላኦ ምስምምዐን ይዝከር። ፕረዚደንት ትራምፕ፡ በዚ ኣመሓላሊፉዎ ዘሎ መጠንቀቕታ ወሰኽ ቀረጽ፡ ቀንዲ መሓዙት ኣመሪካ ዝኾና ጃፓን፡ ደቡብ ኮርያን ጀርመንን፡ ካብ'ተን ቀንዲ ተጸለውቲ ሃገራት ምዃነን እዮም ክኢላታት ዘረድኡ። ብደረጃ ዓለም፡ ብቐደም ተኸተል፡ ቻይና፡ ህንዲ፡ ቱርኪ፡ ጀርመን፡ ደቡብ ኮርያን ጃፓንን እተን ቀዳሞት ሸመትቲ ነዳዲ ኢራን እየን።

ቱርኪ ብፍላይ፡ ምትእትታው ናይ ግዳም ሓይልታት ኣብ ኢራን፡ ኑቲ ኣብታ ሃገር ተኸሲቱ ዘሎ ፖለቲካዊ ቅልውላው ናብ ዝበኣሰ ደረጃኡ ዘዕርግ ምዃኑ እያ ከተጠንቅቕ ጸኒሓ። ኣባል ኪዳን ሰሜን ኣትላንቲክ (ኔቶ') ዝኾነት ቱርኪ፡ ኣብ ኢራን ተኸሲቱ ዝቐጸለ ቅልውላው ኣንጻር ረብሓታታ ከም ዝኾነ ብምግላጽ፡ ኑቲ ዕግርግር ብሰላም ንምዕራፍ ናብ መራሕቲ ኣመሪካን ኢራንን ጻውዒት ከተቕርብ ቀንያ እያ። ቱርኪ፡ መጥቃዕቲ ኣመሪካ ኣብ ኢራን፡ ኑቲ ዞባ ናብ ካልእ ቁጠባዊን ፖለቲካዊን ቀውሲ ክሸሞ ከም ዝኽእል እውን ብተደጋጋሚ እያ ተጠንቅቕ ዘላ። ብመሰረት ጸብጻባት ወሽመጥ ዓረብ፡ ኣንጻር መንግስቲ ኢራን ዝካየድ ወተሃደራዊ ስጉምቲ፡ ኑቲ ብመጻብቦ ሃርሙዝ ዝካየድ ዓለምለኻዊ ንግዲ ነዳዲ ብኸቢድ ዝጸሉ እዩ ክኸውን። 20 ሚእታዊት ካብቲ ናብ መላእ ዓለም ዝቐርብ ነዳዲ፡ ብማያት መጻብቦ ሃርሙዝ ኣቢሉ እዩ ዝሓልፍ - ብመሰረት እቶም ጸብጻባት።

መንግስቲ ኢራን፡ እቲ ኣብ ሃገሩ ተኸሲቱ ዝቐጸለ ህዝባዊ ናዕቢ፡ ኢድ ኣመሪካን እስራኤልን ከም ዘለዎ እዩ ዝሕስስ። ኣብ ዝሓለፈ ቀረባ ሳምንታት፡ ኣምባሳደር ኢራን ኣብ ውድብ ሕቡራት ሃገራት፡ "ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ፡ ኣብ ውሽጣዊ ጉዳያት ሃገረይ ጣልቃ ብምእታው፡ እቲ ተኸሲቱ ዘሎ ቅልውላው ንኽቕጽል የተባብዕ ኣሎ፡ " ዝብል ክሲ ናብ ባይቶ ጸጥታ ኣቕሪቡ ነይሩ። እዚ ከምዚ'ኢሉ እናሃለወ፡ ኣመሪካ፡ ሽወደን፡ ህንዲ፡ ጀርመን፡ ካናዳ፡ ፈረንሳን ካልኦት ሃገራትን፡ ኑቲ ዝተፈጥረ ቅልውላው ምኽንያት ብምግባር፡ ኣብታ ሃገር ዝርከቡ ዜጋታተን ብቕልጡፍ ክወጹ ጸዊዐን ነይረን።

እዚ ኣብ ኢራን ተኸሲቱ ዝቐጸለ ዕግርግር፡ መበገሲኡ እቲ ኣብ ዝሓለፈ ሰነ ዝተኻየደ ናይ 12 መዓልታት ኩናት ምስ እስራኤል ምዃኑ እዮም ብዙሓት ምስቲ ጉዳይ ቀርበት ዘለዎም ወገናት ዝገልጹ። እዚ ማለት፡ ግዳማውያን ሓይልታት ኣብቲ ሽዑ እዋን'ውን ኣብ ኢራን ሕንፍሽፍሽ ክፈጥሩ መደብ ነይሩዎም እዩ - ብመሰረት ጸብጻባት። እስራኤል፡ ብ13 ሰነ ኣብ ልዕሊ ሓያለ ኑክሌሳዊ መደበራት ኢራን ሃንደበታዊ መጥቃዕቲ ምፍጻማ ዝዝከር እዩ። ኢራን እውን ከም መልሲ ግብሪ፡ ናብ እስራኤል ሓያለ ሮኬታት ብምውንጫፍን ብርክት ዝበላ ድሮናትን ብምልኣኽን ክትድህብድህ ተራእያ እያ። ኣመሪካ እውን ንእስራኤል ብምድጋፍ፡ ኣብ ልዕሊ ኢራን መጥቃዕቲ ፈጺማ እያ።

ኢራን ብወገና፡ ኣብ ቀጠር ንዝርከብ ወተሃደራዊ መዓስከር ኣመሪካ ብምጥቃዕ መልሰ ግብሪ ሂባትሉ። በዚ እዮም እምበኣር፡ ሰለስተ ኣስማቶም ዘይተገልጹ ዲፕሎማሰኛታት ኣመሪካ፡ ኢራን ከም መልሰ ግብሪ ናይቲ ብኣመሪካ ክፍጸመላ ተወጢኑ ዘሎ ወተሃደራዊ መጥቃዕቲ፡ ኣብ ወተሃደራዊ መዓስከር ኣል-ዑደይድ (ቀጠር) ደብዳብ መታን ከይተካይድ፡ ወተሃደራት ኣመሪካ ካብቲ መዓስከር ለቒቖም ናብ ውሑስ ቦታ ክግዕዙ ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን ጻውዒት ከቕርቡ ዝተሰምዐ።





### ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊመዝሙር |
| 12:02 | ድራማ |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜናስፖርት |
| 12:55 | ካብ ዞባታት |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:45 | ሄሎደባይዋ |
| 15:30 | ዶክመንት |
| 16:04 | ሞዛይክ 1ይክፋል |
| 17:00 | ዜና(ትግርኛ) |
| 17:15 | ደርፊ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:45 | ሞዛይክ 2ይ |
| 19:25 | እትመት |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | ቴራብ |
| 21:00 | ዜና ትግርኛ |
| 21:25 | ፊልምጾር`ታ ምስ ደራሲን ዳይሬክተርን |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ድራማ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |
| 22:40 | እንዳዝማም |

# ቃለ- መሕትት

ዳህላክ ነጋሲ

## “ርእሰ-ምትእምማን፡ ድሌትን ትዕግስትን እንተሎ ኩሉ ይስገር’ዩ” ንግስቲ ፍትዊ

ሰራሕ ክብረት’ዩ። ንዂኡርእሰኻ ኣኽኢሉ ንኻልኦት’ውን ከም እትኽውን ይገብር። ምናልባት ኣብ ሰራሕ ቀልጢፍ ዓወት ክይትረኽብ ትኽእል ኢኻ፡ መቓን ግዜኡ’ውን ክፈላለ ይኽእል እዩ። እንተኾነ፡ ብፍረ-ጻዕርኻ ዓስቢ ድኻምካ ክትረኽብ ግድን እዩ። ምእንቲ’ዚ፡ ኣብ ሰራሕ ዓለም ይኹን ካልእ ጉዕዞኻ ዘጋጥሙኻ ብድሆታት፡ ልክዕ ከም ጋሻ-ውሕጅ ምኳናም ተገንዚብካ፡ ጸገማት ንህይወትካ ዋላ ናብ ዝተፈላለየ መኣዝን እንተ ደረኹዋ፡ ሓያል ወሻጣዊ ጸዓት ኣማዕቢልካ ብዓቕሊ ምስ እትገዓዝ፡ ብሩህ መጻኢ ክህልወካ ናይ ግድን እዩ።

ሞያ ለስትሮ(ጫማ ምጽራግን ምስፋይን) ብደቂ-ተባዕትዮ ዝተባሕተ ሰራሕ እኳ እንተኾነ፡ ሓላሊፉ ደቂ-ኣንስትዮ ኣብቲ ሞያ ክሰርሓ ይረኣያ። እዚ ድማ፡ ዝኾነ ይኹን ሰራሕ፡ ጾታ ዘይፈሊ ምዃኑ የርኢ። ንሎሚ ንብዙሕ ማሕለኻታት ህይወት ሰጊራ፡ ኣብቲ ሞያ እናነጠፈት መኻብርኣ ምስ ዘመሓየሸት ሃብሮም ጓለንስተይቲ ከላልየኩም። ሰናይ ንባብ–

**ፈለማ ምስ ነብስኺ ከተላልይና፧**

ንግስቲ ፍትዊ እበሃል። ኣብ ዞባ ደቡብ ንኡስ ዞባ ዓዲ-ኳላ ኣብ ዓዲ ለገስ ዝበሃል ቦታ ተወሊደ። ከም ኩሎም ኣብ ገጠራት ዝዐቡ ስድራቤታት፡ መኻብርና ኣብ ሕርሻዊ ንጥፈታት ዝተሞርኰሰ ነይሩ። ብድሕሪ’ዚ፡ ዕድመይ ንትምህርቲ ምስ ኣኸለ ምስ መዛኖይ ግቡእ ትምህርተይ እከታተል እኳ እንተ ነበርኩ፡ ኣብ 10ይ ክፍሊ. ግን፡ ብሰንኪ ዝተፈላለየ ምኽንያት ትምህርተይ ኣቋሪጸ ናብ ኣስመራ ኣምሪሐ።

**ኣብ ንእስ ዕድሜኺ ካብ ወለድኺ ተፈሊኺ ህይወት ከመይ ቀጺልክዮ፧**

ኣቡቲ ግዜ እዝክሮ፡ ኣዝዩ ከቢድ ኩነታት’ዩ ገጢሙኒ። ምኽንያቱ ኣብ ዘይፈልጦን ዘይጻወኹሉን ከተማ እሞ ድማ ጾግዒ ዝኾኑኒ ሰብ ስለ ዘይነበረ፡ ኣቡቲ ፈለማ ዘይከም ትጽቢተይ ህይወት ቀሊል ኣይነበረን። እንተኾነ፡ ኑቲ ሰንከልከል ዝመስሉ ጉዕዞይ ብኢጋኡ ኣደይ እንተ ሂቡ ብዓወት ክዛዘሞ ከም ዘይክእል ተገንዚበ፡ ንጸገማተይ ፊት-ንፊት ክገጥሞም’የ ወሲነ። ከም ውጽኢቱ ካብ ምምራርን ምጽወታን ንኽናገፍ ናብ ሰራሕ ዓለም’የ ተዋፊረ።

ኣቡቲ ፈለማ ኣብ እንዳ ሰብ ከም ሰራሕተኛ ናይ ገዛ ኩይነ ክሰርሕ ጀሚረ። ካብኡ ቀጺሉ ኣብ እንዳ መሸጣ ማይ ንኣስታት ትሽዓተ ዓመት ከም ሸያጢት ማይ ሰሪሐ። ብድሕሪኡ፡ ናብ ሃገረ ሱዳን ብምምራሕ ከም ሰራሕተኛ ናይ ገዛ ብምዃን ንሓሙሽተ ዓመታት ድሕሪ ምዕያየይ፡ ኩነታት ኣየር ማለት ልዑል ምቑት ናይቲ ቦታ ምስ ጥዕናይ ዝሰማማዕ ብዘይምንባሩ ናብ ሃገረይ ተመሊሰ። ኣብቲ እዋን ማዕበላት ህይወት ናብዘን ናብትን የብለኒ እኳ እንተ ነበረ፡ ናብ ዓደይ ምስ ተመለስኩ’ውን ኮፍ ክብል ኣይመረጽኩን። በዚ ምኽንያት፡ ብቕልጡፍ ሰራሕ ኣብ ምንዳይ ተጸሚደ። ሽዑ፡ ፈለማ ኣብ እንዳ መሎቲ ንኣስታት ሸሞንተ ወርሒ ሰሪሐ። ቀጺለ’ውን ንሓሙሽተ ወርሒ ዝኸውን እንጀራ እናሰንከተ እሸይጥ ነይረ።



ንግስቲ ኣብ ቦታ ስራሕ

እንተኾነ፡ እቲ ዝጀምርኩ ዝበርኩ ዝተፈላለየ ሰራሕ ምስ ኩነታት ጥዕናይ ዘይሰማማዕ ብምንባሩ፡ ብተደጋጋሚ ሰራሕ ክቕይር እግደድ ነይረ። በዚ ምኽንያት፡ እንጀራ ምሻጥ ገዲፈ ኣብ ጉደና ክዳውንቲ ዘርጊሐ ክሸይጥ ጀሚረ። የግዳስ፡ ብሰንኪ ተመሳሳሊ ምኽንያት ክቕጽል ኣይከኣልኩን። ብሰንኪ ሰእነት ጥዕና ዋላ’ኳ ኣብ ሓደ ሰራሕ ኣትኪለ ክዓይይ እንተ ዘይከኣልኩ፡ ብቐሊሉ ግን ተስፋ እቑርጽ ኣይነበርኩን። ኑቲ ዝምችኣኒ ወይ ዝሰማማዐኒ ሰራሕ ንምንዳይ፡ ብዙሕ ላዕልን ታሕትን እብል ነይረ። እዚ ስለ ዝኾነ፡ ኣብ ጉደና ምሻጥ ክዳውንቲ ድሕሪ ምቁራጸይ’ውን፡ ክረምቲ ብምንባሩ በለስ ኣብ ምሻጥ ተዋፊረ እናሃለኹ፡ ኣቡቲ እዋን እዚ ሕጂ ህይወተይ ዝመርሓሉ ዘለኹ ሞያ ለስትሮ ክኣቱ ምኽንያት ዝኾነኒ ኣጋጣሚ ተፈጢሩ።

**ሞያ ለስትሮ መብዛሕቱ እዋን ደቂ-ተባዕትዮ ዝጥዓሉ ሰራሕ’ዩ። ንስኺ ብኸመይ ተጸንበርክዮ ክትገልጽልና፧**

እዝክረኒ፡ በለስ እናሸጥኩ እንከለኹ ንሓደ ሰብ ዝኾነ ሰራሕ ንኽረኽበለይ ይወከሶ’ሞ፡ ንሱ ድማ ለስትሮ ክሰርሕ ዝኽእል እንተ ኾይነ ይሓትተኒ። ቅድሚ ሕጂ ኑቲ ሞያ ዋላ’ኳ ብቐረባ ይፈልጦ እንተ ዘይነበርኩ፡ ብምሉእ ርእሰምትእምማን፡ “እወ፡ ክሰርሕ እኽእል’የ ጸገም የለን” ክብል መሊሰሉ። እቲ ሞያ ብደቂ-ኣንስትዮ ስለ ዘይተደፈረ’ዩ መሰለ፡ እቲ ወዲ ኣብ ፈለማ ተጠራጢሩ ደጋጊመ ንኽሓስበሉ ሓቲቱኒ። ብወገነይ፡ “እሺ ኣቡቲ ሞያ ትሰርሕ ካብ ሃለኹ፡ ንምንታይ ኣነ ክሰርሕ ዘይክእል፡ ጥራይ ሰራሕ ርኸበለይ እምበር፡ ዘይሰርሓሉ ምኽንያት የለን” ክብል ድልውነተይ ኣረጋጊጸሉ። በዚ ኸኣ፡ ድሕሪ ዝተወሰነ መዓልታት እቲ ወዲ ሰራሕ ከም ዝረኸበለይ ምስ ሓበረኒ፡ ጸባሕ’ታ ዝሓበረኒ ኣንገሀ ናብ ቦታ ሰራሕ ኣምሪሐ።

ኣብ ኩሉ እንጀምሮ ዕማም ንጠራጠር እንተኾይንና፡ ክነዕውት ዘሎ ተኽእሎ ጸቢብ እዩ። ንኹሉ “እኽእሎ’የ፡ ክገብሮ’የ . . .” እናበልና ንዂኡርእስና እንተ ኣእሚንናዮ ዘኾኑ ዘየጋዝና ሓይሊ የለን። ስለዚ፡ ኣብዚ ሞያ ክጀምር እንከለኹ፡ “ኣብ ገዛ ተኾርምየ ካብ ዝውዕል ክሰርሓ ኣሎኒ” ዝብል ሓያል ወሻጣዊ ድሌትን ኒሕን እንተ ዘይከውን፡ ቅድሚ ሕጂ ዝኾነ ኣፍልጦ ብዛዕባ ለስትሮ ኣይነበረንን። እዝክረኒ፡ ፈለማ መዓልቲ ናብቲ እንዳ ለስትሮ ምስ ከድኩ፡ ከምቲ ኩሉ ሰብ ንዓይ ዝጥምተኒ ዘሎ ኩይኑ ይስምዓኒ ስለ ዝነበረ፡ ምሉእ ገጸይ ብሻርባ ተሸፊነ ወዒለ። ብዘይካ’ዚ፡ ቅድሚ ሕጂ ደቂ-ኣንስትዮ ኣብቲ ሞያ ክሰርሓ ርእየ ስለ ዘይፈልጥ፡ ኣብቲ ፈለማ ቁሩብ ሕፍረት ይስምዓኒ ነይሩ። ኣብ ካልኣይቲ መዓልቲ ዝነበረኒ ሕፍረት ጉድል ኢሉ፣ ብድሕሪ’ዚ ኣብ ዝቐጸለ መዓልታት ግን፡ ኩሉ ዝስምዓኒ ዝነበረ ሰክፍታ ቀንጢጥ ኢሉ፡ ብምሉእ ርእሰ-ምትእምማን ክዓዪይ ጀሚረ።

ኣቐዲመ ከም ዝገለጽክዎ፡ ዋላ’ኳ ኣብ ህይወተይ እተፈላለየ ሞያታት እንተ ፈተንኩ፡ ናተይ ዝበሎ ሞያ ክሕዝ ኣይከኣልኩን። ኣብቲ እንዳ ለስትሮ ክሰርሕ ምስ ጀመርኩ ግን፡ ብቑዓምነት ምሕር ምስ ኩነታት ጥዕና ዝጸረር ብዘይምንባሩ ከምኡ ድማ፡ ኣታዊኡ’ውን ካብቲ ኣቐዲመ ዝሰርሓሉ ዝበርኩ ዝሓሸ ኩይኑ ስለ ዝረኸብክዎ፡ ኣትኪለ ክሰርሓሉ ምስ ንዂኡርእሰይ ተሰማሚዐ። በዚ ኸኣ፡ እንሆ ድሮ ልዕሊ ክልተ ዓመት ኣቡቲ ሞያ እነጥፍ ኣለኹ። ከም ዝፍለጥ “ኩሉ ሰራሕ ሕማቕ ኣይኮነን፡ ኩሉ ሰራሕ ድማ ጥዑም ኣይኮነን” ማለት ብመንጸር ዝደኸሞ ኣታዊታቱ ዋላ ዘዕግብ ኣይኮነን፡ ብምሉእ ርእሰ-ምትእምማንን ሕጉስ መንፈስን ናብ ሰራሕ እወፍር ኣለኹ። ዕለታዊ ንግሆ ሰዓት ሸሞንተ ምስ ወፈርኩ፡ ሰዓት ሽዱሽተ ናይ ድሕሪ ቀትሪ ስለ ዝምለስ፡ መግበይ ሓዘ ንሰርሐይ እወፍር። ሞያ ለስትሮ ዝጠልቦ ከም ምውልዋልን ምስፋይን ጫማ ከምኡ’ውን ሶላ፡ ላቺን ካልእን እሸይጥ።

**እዚ ሰራሕ ኣብ ናብራ እንታይ ለውጢ ኣምጺኡልኪ፧**

ናብራይ ንኽመሓይሽ ብዙሕ ሰራሕ ፈቲነ እየ። እንተኾነ፡ እቲ ዝረኸቦ ዝበርኩ ኣታዊ ንኹሉ ወጻኢታተይ ኣብ ምሽፋን ይኹን ምስ ኩነታት ጥዕናይ ዝሰማማዕ ኣይነበረን። በዚ ምኽንያት፡ ቅድሚ ኣብ ሞያ ለስትሮ ክሰርሕ ምጅማረይ ናይ ሓደ ዓመት ገዛ ክራይ ዘይተኸፍለ ዕዳ ነይሩኒ። የግዳስ፡ ኣብቲ ሞያ ክሰርሕ ምስ ጀመርኩ ንዂኡርእሰይ እናሃለኹ ማለት - ክዕርፍን ኪጋደጽን እንክየብልኩ ኩሉ ዝበረኒ ዕዳ ድሕሪ ዝተወሰነ እዋን ከፊለዮ። ክንዲ ዝኾኑ፡ እዚ ሞያ ካብ ሰቡት ክይተጸበኹ ንዂኡርእሰይ ከም ዝኽእል ገይሩኒ ኣሎ። ኣቡቲ ፈለማ ክጀምር እንከለኹ ንፍርቂ’የ ዝሰርሕ ነይረ። ኣብዚ እዋን ግን ወርሓዊ ክራይ እናኸፈልኩ፡ ምሉእ-ብምሉእ ኑታ እንዳ ለስትሮ ሓዚየ ኣለኹ።

**ኣብ ሰራሕኪ እንታይ ዘጋጥመኪ ብድሆ ኣሎ?**

ርእሰምትእምማን፡ ድሌትን ትዕግስትን እንተሎ ኩሉ ይስገር’ዩ። ሰራሕ ጸቡቓን ሕማቓን ጎድንታት ክህልዎ ግድን እዩ። ስለዚ፡ ኣብ ኣካላተይ ዘሎ ሕማም ናይ ቆርበት (ለምጺ) ሙቐት ናይ ጸሓይ ዘይፈቱ ስለ ዝኾነ፡ ብፍላይ ቅድሚ ፋዱስ ኣብ ዘሎ ሰዓታት ኑቲ ዝዘርግሖ ቴንዳ ሓሊፉ ኣብ ዝበዝሐ ዝዓልብ ሙቐት ጸሓይ ብርቱዕ ስለ ዝኾኑ፡ ኣብ ቆርበተይ ቃንዛ ይፈጥረለይ። ካልእ፡ እቲ ጫማ ክሰፍዮ እንከለኹ ሓይሊ ስለ ዘድልየ’ውን ዝተፈላለየ ኣካላዊ ቃንዛ ይስመዓኒ እዩ። ኣብ ርእሲ’ዚ፡ እዚ ሰራሕ ሓያሎ ሰዓታት ኮፍ ንኽትብል ዝጠልብ ብምዃኑ፡ ምሕር ኮፍ ምባል ንሕማም ኣሞሮደዮ ዘቃልዕ እዩ። ብዘይካ’ዚ፡ ዝተፈላለየ ባህሪ ዘውንኡ ሰባት’የም ዝመጽኡኒ። በዚ ምኽንያት፡ ገሊኦም ኣዝዮም ሕያዎትን ጥዑማትን ክኾኑ እንከለዉ፡ ካልኦት ድማ ምሕር ሕማቕ ጠባይ ዘውንኡ እዮም፡ ክንዲ



ንግስቲ ፍትዊ

ኣብ ዝተፈላለየ ሞያታት ንኽሰርሓ ‘ኣጆኽን ክብለን’’ እፈቱ። እቲ ምንታይ፡ ሎሚ ኑብሰይ ዝኸኣልኩ ትማሊ ስለ ዘይሓፈርኩን ዘይተሰከፍኩን’የ። ዝኾነ ነገር ክትጀምሮ እንከለኻ’ዩ ከቢድ እምበር፡ ምስ ፈለምካዮ ዋላ ሓለፍቲ መገዲ ከተረፉ’ዮም ዘተባብዑኻ። ብፍላይ ንዓይ ወሃንቲ ታኽሲ ካብ ዝተፈላለየ ቦታታት እናመጹ ከለ መዳያዊ ምትብባዕ ይገብሩለይ። ኣብ ርእሲ’ዚ፡ ኣደ ሓደ ውሉድ እየ። ስለዚ፡ ከም ኩለን ኣዴታት ኩሉ ካብዩ ዝጥለብ ንወደይ እናማላእኩ ማዕረ-ማዕረ ንኹሉ ንጥፈታት የሰላስል። ክንዲ ዝኾኑ ክዝብሮ’የ እንተኢልና ዘይንገብሮ የለን።

**ኣቡቲ ፈለማ ዘጋጠሙኺ ዘይትርስዕዮም ፍጻመታት እንተ ደኣ ሃልዮም . . ፧**

ሕራይ፡ ኣቡቲ ፈለማ ሰራሕ ዝጀመርኩሉ መዓልቲ ሓደ ዓማል ጫማኡ ክውልውለሉ ምስ ተወከሰ፡ ብጨርቂ ገይረ ንግፍ-ንግፍ ኣቢለ ወልዊለ ከም ዝወዳእኩ ነገርክም። እቲ ወዲ ብኣግርሞት ናባይ እናጠመተ “ብሚይን ሳምናን ከይወልወልኪ ዲኺ፡ ወዲኣ ትብልኺ” በለኒ። ብቕልጡፍ ይቕረታ ሓቲተ፡ ከምቲ ዝደልዮን ክኸውን ዝበሮን ገይረ ወልዊለሉ። ብዘይካ’ዚ፡ ኣቡቲ ፈለማ መዓልቲ ንሓንቲ ንጽል ሳንቲ ምሉእ መዓልቲ ክሰፍያ ድሕሪ ምውዓለይ፡



ንግስቲ ኣብ ቦታ ስራሕ

ዝኾኑ ንኸሎም ብማዕረ ተቐቢለ ኣገልግሎት ንኽህቦም ትዕግስቲ ዝሓትት እዩ። ካልእ፡ እቲ ዝሰርሓሉ ከባቢ ብዙሕ ምንቅስቓስ ህዝቢ ስለ ዘይብሉ፡ ዛሕሊ ሰራሕ የጋጥም እዩ። እንተኾነ፡ ምንባር ቃልሲ ክኑብ ዝኾነ ንኹሉ ተጻዊረ ንዂኡርእሰይ ክኽእል እጽዕር።

**ደቂ-ኣንስትዮ ጾታአን ከይገደበን ኣብ ዝተፈላለየ ሞያታት ንኽሰርሓ እንታይ መልእኽቲ ተመሓላልፊ፧**

ኣብዚ ዝጥፈሉ ሞያ ጥራይ ዘይኩና፡ ኑታ ዝተረፈት ንጽል ድማ ንገዛ ሓዚየ ከይደ - በዘን በትን ክፈታትና ምሉእ ምሸት ኣምሰየ። ስለዚ፡ ዝኾነ ሰራሕ ኣብ መጀመርታ ክኸብደካ ወይ ጋን ክኸውካ ግድን’ዩ። የግዳስ፡ እንተ ፈሪሕካን ተሰኪፍካን መመለሲ ዝገድድ እምበር ዝፍታሕ የለን። ምእንቲ’ዚ፡ ኣብ ጸባሕ ሓድሽ ተመኩሮ ከም እንመሃር እንተ ተገንዚብና፡ ጾታ ይኹን ካልእ ብድሆ ዘዕንቅፈና ኣይክህሉን እዩ።



ንግስቲ ምስ ወዳ

**የቐንየለይ**

# ማሕደር ጀጋኑ

ሽሞንዲ ዑቕባሚካኤል

መበል 12 ክፋል

## ወራር ቀይሕ ኮኾብን ታኼላ ቀይሕ መስመርን

*ኣብ ዓንቀጻት 10ን 11ን ክፋላት ናይዚ ኣርእስቲዚ፡ ብዛዕባ ስዕረትን ምድምሳስን ወፍሪ "መብረቕ እዝ" (ግንባር ባርካ) ብምዝታይ፡ ስርዓት ደርግ ጠንቂ ስዕረት "መብረቕ እዝ" ድኽመት ኣመራርሓ ኣዛዚ ተራራ ክ/ጦር 21 ከም ዝኾነ ከምስል ንኣዛዚ ናይቲ ክ/ጦር (ኮሎኔል ውብሸት ማሞ) ከም ዝረሸኖ ተረኺቡ። ከምኡ'ውን ኣብ ደሮ ምጅማር 6ይ ወራር ኣብ ግንባር ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕል ብዛዕባ ዝነበረ ኣሰላልፋ፡ ዓቕሚ ሰብን ዕጥቅን ጸላኢ ገሊጽና። ብኣንጻሩ፡ ኣብ ውድብ ህዝባዊ ግንባርን ሰራዊቱን ንዝነበረ ኩነታት ቀረባትን ደፋዓትን ደልዩቶት ተጋደልቲ ኣብቲ ግንባርን መጉብርኦምን ኣብ ዝምልከት፣ ቅርጺ መሬትን ኩነታት ኣየርን ንህይወት መኸተ ተጋዳላይ ከመይ ከም ዝጸለዎ ተተናኺፉ ነይሩ። መቐጸልታ ናቱ ድማ ኣብ ናይ ሎሚ ጽሑፍና እነሆ ቀሪቡ፤*

ንዕቃብ ብረት ዝምልከት ምስ እንርኢ'ውን ምስ ዝነበረ ሕጽረት ኑዒዲ ኣብ ግምት ኣትዩ፡ ኣብ ግዜ ወራር ሸግር ከይፍጠር ምእንቲ፡ ኣብቲ ግንባር ክኽዘን ዝኽእል ኣጸዋር ኣቐዲሙ ከም ዝተሓዝ ተገብረ። ኣብ ከባቢ ደፋዓት'ውን ኣብ ውሽጢ ነፍሲ-ወከፍ ብርጌድ ትቆጻጸሮ ከባቢታት ትሕዝቶታት ብምጣኑ ተቐሪቡ። ብጻጋም ኣብ ዓራግ፡ ብምእካል ኣብ ቀብርውኣት፡ ብዮማን ድማ ኣብ ወጀባ ተወሰኽቲ ጉጅለታት ኢምዳድ (ዕቃብ ኣጸዋር) ቀይመን። ብወገን የማን ምስ ምስፋሕ ቦታን ራሕቅን ኪጋጥም ዝኽእል ናይ መጉዓዝያ ሸግር ተገምጊሙ፡ ኣብ ወጀባ ብርክት ዝበለ ትሕዝቶ ከም ዝኽዘንን ገለ ካብኡ ንፋሕን ዜሮን ከም ዝሓልፍን ምስ ምቅይያር ኩነታት ጸገማት ከይመጽእ ምእንቲ ናብኡ ከም ዝቕረብን ተገይሩ። ሳላ ኣብዚ ኸባቢ ዝተቐረበን ዝተዓለመን ኣጸዋር ኣብቲ ድሒሩ ዝተኻየደ ጸረ-መጥቃዕቲ ሓጋዚ ምንባሩ'ዩ ዝፍለጥ።

ድሕሪ ምፍሻል ሓምሻይ ወራር፡ ሻድሻይ ወራር ክጅመር'ዩ ካብ ዝበሃል ሓጺር ዕድመ ኣይገበረን። ስርዓት ደርጊ ካብቲ ዓንዳሪ ባህርያቱ ብምብጋስ ነቲ ዝዓለመሉ ዝነበረ ወራር ክጅምሮ ምኽንያት



መነባብሮ ተጋደልቲ ብርጌድ 31



ታባ ሃጸይነት (ግንባር ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕል)

ዘምጽእ ሕቶ ስለ ዘይነበረ፡ ብምንጻር ናይቲ ንሱ ዝነበሮ ዝነበረ ምድላዋት ብወገን ውድብ ህዝባዊ ግንባር ከምኡ ኣሎዎ ዝበሃል ወተሃደራዊ ምቅርራባት ጸዑቕ ስራሕን ዘሙተን ይሓቱድ ነይሩ። ተጋደልቲ ናይ ምውጋእ ዓቕሞም ክብ ክብሉን፡ ሓለፍቲ'ውን ኣገባብ ውግኣት ክፈልጡን ብደረጃ ብርጌዳት ብዙርያታት ዝኸይድ ናይ ምክልኻልን ዳግመ ምውዳብን ስልትታት ዘጠቓለለ ወተሃደራዊ ትምህርቲ ይወሃቦም ነበረ። ብፍላይ ንሓለፍቲ ጸዑቕ ትምህርቲ ኣጠቓቕማ ካርታ ከም ዝወሃቦም ተገይሩ። ምስ ክመጽእ ዝኽእል መጥቃዕቲ መርዓም ጋዙ ዝተሓላለዘ ንጠቢያቱን ምክልኻሉን ዝምልከት'ውን ንመላእ ሰራዊት ኣስተምህሮታት ተዋሂቡ ዕጥቂ'ውን ከም ዝዕደል ተገይሩ። ንጸዑቕ ደብዳብ ከቢድ ብረት ዘፍሽል ናይ ኣንደራት ደፋዕ ተኻዒቶም። ካልእ፡ ነፍሲ ወከፍ ብርጌድ ጋንታ ከቢድ ብረት ኣቖሙ።

ኣብ ደሮ ሻድሻይ ወራር ኣብ ኣሃዱታት ወገን (ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ብርጌድ) ዝነበረ ኣጸዋር፡ ብማእከላይ ገምጋም ከባቢ 780 ፊክሱ ብረት፡ 35 ብሬናት፡ 30 ኣርፒጂ፡ 2 ዶሽካ፡ 6 ማሽንጋን ተዓጢቑ ነይሩ። ንከቢድ ኣጸዋር ዝምልከት ካብ ረሻሽ ዓይነት ኣጸዋር፤ ዶሽካ 15፡ ብራውን 9፣ 14.5 ሚሜትር 2፣ ማሕታ 2፣ 23 ሚሜትር 1፣ 37 ሚሜትር 2፣ 40 ሚሜትር 2። ካብ ዓይነት ሞርታራት፤ 82 ሚሜትር 22፣ 120 ሚሜትር 7፣ 75 ሚሜትር 3፣ ቢቴን 3፣ 76 ሚሜትር 1፣ 85 ሚሜትር 1፣ 122 ሚሜትር 2።

ዓቕሚ ሰብን ዕጥቅን ተጋደልቲ ምስ ዓቕሚ ሰብን ዕጥቅን ጸላኢ ኣብ ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕል ብምእታዊት (ማጠሉ-ምቕራሕ) ብምንጻጻር፡ ከምዚ ዝስዕብ ይመስል ነበረ፤ ዓቕሚ ሰብ 1 ን 3.98፡ ታንክታት 1 ን 12.3፡ መድፍዕ 122 ሚሜትር 1 ን 18፡ መድፍዕ 85 ሚሜትር 1 ን 10፡ መድፍዕ 75/76 ሚሜትር 1 ን 8.25፡ ቢቴን 1 ን 9.69፡ ቢ.ኤም-21 ወገን ኣይነበሮን ጸላኢ 12 ነይሩዎ፡ ሞርታር 120 ሚሜትር 1 ን 2.14፡ ሞርታር 82/81ሚሜትር 1 ን 8.14፡ ረሻሽ 40 ሚሜትር ወገን 2 ነይሩዎ ጸላኢ ኣይነበሮን። (እዚ ብረት'ዚ ካብ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ዝተመንዝዐ ስለ ዝነበረ ኣብ ህዝባዊ ግንባር ካብ ዝተዓጥቑ ኣብ ጸላኢ ዘይነበሩ እኹ ዓይነት ብረት እዩ።) ረሻሽ 37 ሚሜትር 1 ን 6፡ ረሻሽ 20/23 ሚሜትር 1 ን 4፡ ረሻሽ 14.5/12.7 ብራውን 1 ን 0.9፡ ኣርፒጂ-7 1 ን 3.52፡ ብሬናት 1 ን 8፡ ስናይፐር ወገን ኣይነበሮን ጸላኢ 612 ነይሩዎ።

እቲ ኻልእ ጸብለልታ ጸላኢ ሓይሊ ኣየር እዩ። ካብ ኩሉተን ዓይነታት ነፈርቲ ውግእ 120 ብዙሓ ነይሩዎ። 90 ካብዘአን ኣብ ኤርትራ ኣብቲ ወራር ዝተሳተፋ ኮይነን 30 ካብዘን 90 ድማ ኣብ ውግእ ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕል ሻድሻይ ወራር ተሳቲፈን።

እዚ ዝተጠቕሰ ዓቕሚ፡ ወራር ቅድሚ ምጅማሩ ኣብቲ ግንባር ዝነበረ ኮይኑ፡ እቲ ወራር ምስ ተወልዐ ንዝተወሰኸ ኣየጠቓልልን'ዩ።

ጸላኢ፡ ነቲ ሰፊሕ ወራር ማለት ዝኸውን ሓደ ኽልተ ቦታታት ክቆጻጸር መደብ ገይሩ ነይሩ። ብዮማናይ ጫፍ ናይቲ ግንባር፡ ንፍጻመታትን ከበኡን ብምቁጽጻር ነቲ ግንባር ማጠጡ ካብ ወድጋን ናብ ፋሕ፡ ካብ እማህሚመ ብጡሬቶ ናብ ፋሕ ዝኸይድ መንገዲ ንምቁጽጻር ዕላማ ነይሩዎ። ብወገን ህዝባዊ ሰራዊት ከኣ መደብ ጸላኢ ንምፍራስ በጦሎኒ 44.1 ብምልእታ፡ ክልተ ሓይሊ በጦሎኒ 44.3፡ ክልተ ሓይሊ ካብ ወያ፡ ሓደ ጋንታ ዶሽካ ናይ ብርጌድ 44፡ ሓደ ማስርዕ ብራውን ናይ ብርጌድ 76 ካብ ሩባ መግዘእቲ ክሳብ ኣቦ ጸግድ (ልዕሊ መልሃተ) ጸላኢ ክንቀሳቐሰሉ ይኽእል'ዩ ንዝተባህለ ቦታታት ከም ዝሕዛዋ ተገይሩ። ጸላኢ'ውን ከምቲ ዝተገመተ ተንቀሳቒሱ። ናብ ዕለት 2-1-1982 ኣብ ዘውግሕ ለይቲ ካብ ርሑቕ ቦታታት ተበጊሱ፡ ምሸቲ ዝነበረ ግመን ማይን ብዝለዓለ ጥንቃቐ ናብ ደፋዓት ወገን ተጸጊዑ ብምሕዳር፡ ንጉሆ ሰዓት 06፡00 መጥቃዕቲ ከፊቱ።

ተጋዳላይ፡ ምስ ሰፋሓት ናይቲ ከባቢን ዝርግሐ ደፋዓትን ዝመጣጠን ዓቕሚ ሰብ ኣብቲ ግንባር ኣይነበሮን። ጸላኢ ኸኣ ኣብ መጀመርታ እዚ ድኸም ጎድኒዚ ኣብ ረብሓኡ ከውዕሎ ፈተነ። ክፉት ቦታታት ስለ ዝረኸበ ንገለ ኣገዳስቲ ከባቢታት ተቖጻጸረ። ኣብቲ ጸላኢ ዝወረረሉ ሰዓት፡ ሓደ መራሒ ጋንታ ካብ ወገን 'መሬት ወጊሑ' ኢሉ ኣብ ቅድሚት ንዝሓደረት ናይ ሓለዋ ማስርዕ ብታህዋኽ ካብ ደፋዕ ስለ ዘውጸኣ ንጸላኢ ጸቡቕ ኣጋጣሚ ተፈጢሩሉ'ዩ። ግን ጸላኢ ኣብ ዝሓዞ ቦታ ነዊሕ ኮፍ ክብል ዕድል ኣይተዋህቦን፤ ብዝተወሰደ ቅልጡፍ ጸረ-መጥቃዕቲ ካብቲ ሒዙዎ ዝነበረ ቦታ ከም ዝለቕቕ ተገይሩ።

ፈተነታት ጸላኢ ብኡ ደው ኣይበለን፤ ኣብ ሓንቲ ረፍዲ ጥራይ ጉልባብ ደብዳብ ከቢድ ብረት ተጠቒሙ ክልተ ግዜ ናይ ምጥቃዕ ፈተነ ገይሩ። ብፍላይ ኣብ ሰዓት 9፡00 ንጉሆ ንሓልሳይ ግዜ ኣብ ዝበሮ ፈተኑ። ህዝባዊ ሰራዊት ንሓይሊ ጸላኢ ንድሕሪት ብምዕጻፍ እግሪ-እግሩ ብምስዓብ ካብቲ ከባቢ ኣጸቢቑ ከም ዘርሕቖ ገበሮ።

ብወገን ሩባ መልሃተን ክሳድ ወድጋንን ዝተሰለፈ ሓይሊ ህዝባዊ ሰራዊት፡ ከምኡ'ውን ብወገን ክሳድ መሬሕ ካብ ዝነበረ ሓይሊ ብኸፊል ናብ ክቡት ከርጥግን ጉቦታት ወድጋንን ከም ዘጥቅዕ ተገይሩ። ዝተረፈ ክፋል ኣብ ከባቢ ክሳድ መሬሕ ካብ ዝነበረ ሓይሊ ወገን ድማ፡ ብኽላጉል ወድጋን (ንቃቡን ገጹ) ከም ዝውርወር፣ ብወገን ፍጻመታት ዝነበረ ከኣ ብዝለዎ ንቕድሚት ከም ዝወርድ ተገይሩ።

ኩለን'ዚን ሓይልታት ብዝተወሃሃደ መንገዲ ቅልጡፍ መጥቃዕቲ ብምፍጻም፡ ጸላኢ፡ ኣብ ከባቢ ሰዓት 13፡00 ምውታቱ፡ ውግኣቱን ንብረቱን ራሕሪሑ ናብ ዝተበገሰሉ ቦታ (ከባቢ ቃቡን) ተመሊሱ።

ጸላኢ ከምቲ ኣቐዲሙ ዝተገልጸ ኩሉ ምቅርራባት ወዲኡ ንምጥቃዕ ድልው ኣብ ዝኾነሉ ግዜ ዋላ'ኳ ማበስ ዝኾኖ ቦታ (ከባቢ ፍጻመታት) ንምሓዝ ፈቲኑ እንተ ዘይተዓወተ፡ ኣብቲ ህሰሓኤ ብ12 ሰዓታት ዝወሰዶ ስልታዊ መጥቃዕቲ'ውን ብዙሕ ክሰራ'ኳ እንተ ወረደ፡ ግን እቲ ተበግሶታት'ቲ ንሓፈሻዊ መደብ ወራር ጸላኢ ብማሰረቱ ዝልውጥ ኣይነበረን። ብዕለት 15/2/82 ድማ ብምሉእ ዓቕሙ ናይ ወራር መደቡ ጀመረ። ናይ መጥቃዕቲ ኣገባቡ ንምኽታል ኣብ ሰለስተ ክንፍታት ናይ'ቲ ግንባር ከፋፊልና ከቕርቦ ኢና፤

ብወገን ጸጋም ናይ'ቲ ግንባር (ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕል) ዝነበረ ኩነታት፥

ጸጋም ተባሂሉ ተጠቒሱ ዘሎ ክንፊ ናብዚ ግንባር፡ ካብ ቀጠር ንየማን ክሳብ ደምባቤት ዝሎ ከባቢታት ይምልከት። ናብዚ ከባቢ ዝወፈረ ሓይሊ ጸላኢ፡ ክ/ጦር 15



ምድላው 6ይ ወራር - ከባቢ ጥግሕ

ኣብዚ መጥቃዕትዚ ተሳቲፎም ዝነበሩ ኣሃዱታት ጸላኢ፡ ካብ ብርጌድ 20 ሳልሳይ ሻለቃ፡ ካብ ብርጌድ 90 ሳልሳይ ሻለቃ፡ ካብ ብርጌድ 32 ኣሃዱ ስለያ ነይረን። ሓደ ሻለቃ ካብ ብርጌድ 90 እውን ከም ትሕጃ ኣብ ድሕሪኦም ኮፍ ዝበለ ነይሩ።

ብዕለት 12/2/82 እውን ህዝባዊ ሰራዊት ኣብ ወሰኑን ክፋል ናይዚ ግንባር መጥቃዕቲ ወሰደ። እቲ ስልታዊ መጥቃዕቲ ካብ ማሪት ክሳብ ኣልጌን ንዝነበረ (ፊት ደፋዓትና) ንምህራም ዕላማ ገይሩ ኾይሉ። እዚ ማለት'ሲ ማስመር'ዚ ሐዘን ዝነበራ ኣሃዱታት ጸላኢ፡ ኣብቲ ግንባር ኢጋደሽ ዝነበራ ናይ ተራራ ክ/ጦር 19 ብርጌዳት 40ን 41ን እየን። ጠቕላላ ነቲ ቦታ ሐዙ ዝነበረ ዓቕሚ ጸላኢ 4,600 ኣብሉ ይኸውን። ዕርድታቱ ብጸረሰብ ፈንጂ ዝተሓጽረ ብምዃኑ፡ ገለ ዝተሰርሐ ካልእ ድማ ሓሓሊፉ ዝተኻዕተ ደፋዓት ነይሩዎ።

ኣብዚ ናይ 12 ሰዓታት ተበግሶ መጥቃዕቲ፡ ጸላኢ ክጥቃዕ ከም ዝኽእል ጥርጣረታት ዝጸንሖ ክምስል ተዳልዩ ጸንሐ። ኣብቲ ዝተኻየደ ጽዑቕ ናይ ኢድ ብኢድ ውግእ፡ ጸላኢ ደፋዑ ንምዕቃብ ጽዑ ክዋጋእ ፈቲኑ። ግን ዝኸፍ ክሳራ ስለ ዝወረዶ ንስልታዊ መጥቃዕቲ ወገን ክፃግቶ ኣይከኣለን። ካብ ሒዙዎ ዝጸንሐ ቦታ ምስ ተደፍኡ ካብ ትሕጃ ብርጌድ 39 ክልተ ሻለቃታት ደገፍ ክህብ ናብቲ ውግእ ተጸንበረ። ደብዳብ ነፈርትን መዳፍዕን ኣጸዓቐ። ግን ንሓደሓደ ከይተታሕዘ ዝተረፈ ቦታታት ገዲፍካ ንስልታዊ ዕላማ ወገን ክፍሽሎ ኣይከኣለን።

**ምንቅስቓስ ንምጅማር ወራር፡**

ብምልኡ (ብርጌዳት 6፡ 8፡ 90፡ 29) ነይሩ። ድሒሩ ጸረ-መጥቃዕቲ ህዝባዊ ሰራዊት ምስ በርትዖ ካብ ተራራ ክ/ጦር 19 ሓደ ብርጌድ (41) እውን ተደሪብዎ ነይሩ። ክ/ጦር 15 ኣብ ወርሒ ሚያዝያ 1978 ከም ክፍለጦር ክቐውም ከሎ ብምልኡ መደበኛ ከም ዝነበረ ገሊጽና ኢና። ድሕሪ ምብታን ክ/ጦር 10ን ምድራብ ምልሻ ብርጌድ 90 ናብዚ ክፍለጦርን ግን ብርክት ዝበሉ ናይ ምልሻ ወተሃደራት ስለ ዝተደረቡዎ፡ ዳርጋ ኣብ ኩለን ብርጌዳቱ (ብዘይካ ኣብ 29 ሜካናይዝድ ብርጌድ) ተመዛዚ ብዙሓ ምልሻን ምዱብ ሰራዊትን ነይሩዎም።

እቲ ወራር ክጅመር ከሎ ኣዛዚ ክ/ጦር 15 ሌ/ኮሎኔል ብርሃኑ ደምሴ (ኣቐዲሙ ናይ 6ይ ክ/ጦር ኣዛዚ ዝነበረ) እዩ ነይሩ። ቅድሚኡ ነዚ ክፍለጦር'ዚ ዝመርሑ ዝነበሩ፡ ማስረተኡ ኣቦ ኣቦ፡ ድሕሪ ኣቦ ድማ ሌ/ኮሎኔል ተማስገን ገመቹ ኣከታቲሎም ይመርሕዎ ነበሩ።

ኣብ ወፍሪ ቀይሕ ኮኾብ (ሻድሻይ ወራር) ንክፍለጦር 15 ዝተዋህበ እጃም፡ ንደምባቤት መተሓላለፊ ማስመርና ንሱዳን ተቖጻጺሩ፡ ናብ ሱዳን ከምዝዛ እንጽፍትን ንብረት ክዐግት፡ ከምኡ'ውን ብስድሒ ናብ ዓራግ ተጠውዩ ነቲ ኣዝዚቕና ክገጽርደሉ ዝጸንሑ ካብ ዓራግ ንወገን ምዕራብ ዘሎ ሰንሰለታዊ ታባታት ንምቁጽጻር'ዩ ነይሩ። ሳዕለዎት ወተሃደራዊ መራሕቲ ደርጊ እዚ ክ/ጦር'ዚ ነቲ ዝተዋህቦ ተልእኾ ኣብ ግብሪ ክትርጉም ብቑዓት ዝለዎ ገይሮም'ዮም ወሲደሞዎ ነይሮም።

**ሌ/ኮሎኔል ጦቕሬን ገብረሚካኤል**
**(ኢ.ፒ.ኦ.ፒ.)**
**ይቕጽል**

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ -ሓበን ገብረኣምላኽ- ሳምራዊት ሞላስ

**ASMARA MINING SHARE COMPANY**
Abo Street, No. 178, House No. 16
Gejeret, P.O. Box 10688
Tel. ++291-1-153986
Asmara, Eritrea

## VACANCY ANNOUNCEMENT

**Asmara Mining Share Company is inviting applicants for the following position.**
**Planner: LV's and AUX Equipment**
**Number required – (02)**
**Type of contract – Indefinite**

**Major Duties and responsibilities**

- To Plan and Schedule maintenance work, ensuring resources, materials and work instructions are prepared to allow safe, efficient and reliable execution HME maintenance activities.

TASK DESCRIPTION EXPANDED TO CORE PERFORMANCE AREA

**Work Planning Excellence**

- Develop job plans covering labor, materials, tools, permits, risk controls
- Maintain accurate job libraries.

**Scheduling and coordination**

- Build weekly and long-term schedules
- Coordinate with supervisor and operation teams

**Material and Supply chain interface**

- Identify spare parts, verify specifications, ensure availability.
- Maintain BOM accuracy.

**Reliability Support**

- Analyze work history, repeat failures and planning gaps.
- Support strategy improvements and shutdown preparation.

**Profile: Qualifications and Experience**

| | |
|---|---|
| Formal Education, Certifications or Equivalents | • Mechanical or electrical trade qualification<br>• Planning or CMMS training (desirable) |
| Working Experience – Nature & Length | • 4+ years maintenance experience<br>• 1-2+ years planning experience fixed plant. |
| Technical Skills | • Strong SAP/CMMS skills<br>• Knowledge of maintenance strategies for HME assets<br>• Ability to read drawings and manuals |
| Behavioral Skills | • Good communication<br>• Excellent attention to details<br>• Strong communication and coordination<br>• Ability to manage priorities an deadlines |

**General Information and other requirements:**

- **Place of Work**: AMSC Sites
- **Type of contract:** Indefinite Period
- **Salary:** As per the Company salary scale

**Additional requirements for Nationals:**

- Having fulfilled his/her National Service obligation and provide evidence of release paper from the Ministry of Defense.
- Present clearance paper from current/last employer.
- Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card, etc.).
- Only shortlisted applicants would be considered as potential candidates for an interview.
- Application documents will not be returned to the sender.
- All applications should be sent through the post office.
- Deadline for application: 7 days from the day of publication in the Newspaper.

- **Address: Please mail your applications to:**
  **Asmara Mining Share Company,**
  **P. O. Box 10688 Asmara, Eritrea**
- **Applicants shall be required to send a copy to:**
  **Mineral Resources Management**
  **P.O. Box – 272**
  **Asmara**
- **Note to Eritrean applicants:**
  **Please send a copy of your application to**
  **Aliens Employment Permit Affairs,**
  **P. O. Box 7940 Asmara, Eritrea**

## NOTICE

Notice is hereby given to the public that ***" Tianjin Situ Intelligence Drilling Co. Ltd."*** has opened a branch office in Asmara City, State of Eritrea.

1. Determined to establish a branch of the company in Asmara, the capital of Eritrea, and the proposed name of the branch is ***Tianjin Situ Eritrea Branch***.
2. All shareholders unanimously agreed to appoint ***Mr. Filmon Gebremeskel*** (passport No. K0544824) as the general manager of the Company's branch in Asmara, Eritrea.
3. All shareholders unanimously agreed to allocate 10% shares of the branch in Asmara, Eritrea to Mr. Filmon Gebremeskel.

***Tianjin Situ Intelligence Drilling Co. Ltd.***



### ምስጋና

ብዕረፍቲ ኣዚና ነፍቅሮ ክቡር ብጻል ቤተይ ኣቶ ጉብረመድህን ሃብተሚካኤል ገገዘበ፡ ኣብ ግዜ ቀብሩ ዘቃበርኩምና ኣብ ገዛና ብምምልላስን ካብ ወሽጥን ወጻእን ብቴሌፎንን ዘጸናናዕኩምናን ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ምስጋናና ነቕርብ፡፡

ብጻልቲ ቤቱ ወ/ሮ ሓረጉ መንግስትኣብ
ምስ ወዱ ሓበን ጉብረመድህን ምስ ምሉኣት ስድራቤትን

### ምልክታ ጨረታ

ማሕበር ወሃኑቲ ኣውቶብሳት ዓወት፡ ኣብ ቀጽሪ ዕዳጋ ሓሙስ ዝርከብ ባርን ፋሲት ፋድን ትካሉ ክኻርዮ ስለ ዝወሰኑ ተጫረትቲ ይዕድም፡፡
- ተጫረቲ፡ ናይ ጨረታ ፎርም ካብ ቤት ጽሕፈት ማሕበር ወሃኑቲ ኣውቶብሳት ዓወት ይወስዱ፡፡
- ጨረታ ኣብ ጋዜጣ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ድሕሪ 10 መዓልቲ ይኸፈት፡፡

ማሕበር፡ ዝሓሸ ኣማራጺ እንተረኺቡ ብጨረታ ኣይግደድን!

# ካብ ዘባታት

## ማሕላ ዱርማ፡ ዝኸበደን ዘይድፈርን ዛዛሚ መርትዖ ፍርዲ

ገርጊስ ፍቓድ ድራር
ዞባ ዓንሰባ

ኣብ ረቒቕ ባህላዊ ወርሻ ያታ ብሌን፡ "ዱርማ" ዝበሃል ብቐሊሉ ዘይድፈር ኣዝዩ ከቢድ ማሕላ እዩ። ዱርማ ይግባይ ዘይበሃሎ ኣብ ያታዊ እምነት ዝምርኮስ ናይ መጨረሻ ብይን ባህላዊ ፍርዲ እዩ።

ጉዳያት ኣብ ምድናይ፡ ኣብ ዕርቂ ይኹን ምስክርነት ኣብ ምቕራብ ማሕላ እቲ ብቐሊሉ ዘይድፈርን ናይ መጨረሻ ኣማራጽን እዩ። ኣብ ኣፈ ታሪኽ ኣብ ዝተፈላለየ ኣጋጣሚታት ዝዘንተወሉ፡ ዓሌት እንዳ እገለ "ድሕሪ ማሕላ ጸኒቶም" እናተባህለ ዝውረየሎም፡ ብኣሉታ ዝዝከሩ ፍጻመታት ውሑዳት ኣይኮኑን። ያታዊ ፍርዳዊ ወግዒ ዱርማ'ውን ምስ ምምዕባል ሕጋጋት እንዳጠነ ኣብያተ ፍርድን ኣብዚ እዋንዚ ከም ኣፈ ታሪኽ ዝዝንተወሉ ኣካል ረቒቕ ባህላዊ ወርሻ ደኣ'ምበር ኣብ ባይታ ዳርጋ የለን ክበሃል ይከኣል።

ኣብ ቀዳሞት ኣቦ ሓጎታትና ኣብ ብሄረ ብሌን ክልተ ኣሕዋት፡ ደቂ ዓዲ፡ ደቂ ሓደ ሩባ፡ ጎረባብቲ፡ ኣዕሩኽ ... ሕማቕ ኣጋጣሚ ኮይኑ ብሰንኪ ዘይምስምማዖም ኣብ ዋንነት ናይ ገለ ንብረት፡ ናተይ - ናትካ ተበሃሂሎም ኣብ ምጥልላፆምን ምክሳሰን ምስ ዝጽሓቱ፡ ጉዳዮም ናብ ኣሕዋትን ሽምግልትን ምስ ቀረበ ብዝተፈላለየ ኣገባብ ፍታሕ ንምርካብ ክየርቅዎም ከላዝቡዎም ፈቲኖም ምስኣጥ ምስ ዝኣቢ፡ ሰብ ጉዳይ ኣይንዕረቕን ኢሎም እንተ ሓንገዶምን ኣቓቢጾምን፡ ከም ናይ መጨረሻ ኣማራጺ ዝውሰድ መፈላለዩ ብይን "ዱርማ" እዩ።

ሰብ ጉዳይ ኣብ ውሳነ ምርጫን ዱርማ ቅድሚ ምብጽሖም ንክልቲኦም ብዛዕባ ይኹን ወይ'ውን በብውልቆም ቤተ ዘመድ መቕርበም፡ ዓርኩመሓዛኦም ወይ'ውን ዚያዳ ይቐርብዎም እዮም፡ ከስምዕዎም ይኽእሉ ዝበሃሉ ሰባት እናተሓብሩን እናረኸብዎምን ክየርቅዎም ይፍትኑ። ጉዳዮም ብሽምግልና ኣሕዋት ተሰሪዑ ምስ ተሳእኖ ከኣ "በሉ ምኽርናን ዘረባናን ምስማዕ ኣቢኹም፡ ኣብቲ ኩልና ዘይንደልዮ ምርጫ ካብ ወደቕኩም ካብኹም ኣነ ርግጸኛ እዩ፡ ደፈረ ክኣትዋ እየ ዝበል እንተሎ "ዱርማ ገይሩ ኑቲ ናተይ'ዩ ዝበሎ ይውሰድ" ይበሃል። ዱርማ ክውሰን ከሎ'ውን ምናልባት መን ይፈልጥ ሓዲኦም ወይ ክልቲኦም ክጠፍኡ ይኽእሉ ዝበል ግምትን ተሰኪፉን ስለ ዘሎ ናይ ጣዕሳን ጸጸትን ዕድል ንምሃብ እቲ ዕለተ ቆጸራ ኣንዊሖም እዮም ዝውሰንዎም። ዱርማ ምግባር ቀሊል ውሳኔ ኣይኮነን። ምናልባት እቲ ሳዕቤኑን መርገሙን ብውልቂ ኑቲ ዝምሕል ዘሎ ጥራይ ዘይኮነ፡ ንስድራኡ፡ ንቆጸሊ ጆር ወለዶኡ፡ ዓሌቱን ዓዱን'ውን ክልክም ይኽእል'ዩ ዝበል ስግኣትን እምነትን ስለዘሎ ኣዝዩ ተፈራሒ እዩ።

ኣብ ገለ ገለ ኣጋጣሚታት ኣብ'ቲ ከቢድ ውሳነ ካብ ምእታው ንምዕንቃጽ፡ ቤተሰቡ "ካብ ዱርማ ትገብር እቲ ንብረትካ ንሕና ኣዋጺእና ንኸፍለካ" ዝበልዎ'ውን ኣለው። ምኽንያቱ ካብ ብወግዒ ዱርማ ምርታዕ ዋላ ኑቲ ርግጸኛ ኮይንካ ናተይ እዩ እትብሎ ንብረት ምግዳፍ ይምረጽ። እቲ ብሓሶት ብወግዒ ዱርማ ምሒሉ ዝወሰደ ሰብ'ውን ብሰበ ሃጸጹ ከይሀሉ፡ ወይ'ውን ተደናጊሩ ከይከውን፡ ሓውኻን ወዲ ዓድኻን ስለ ዝኾነ ኣብ መከራ ካብ ምውዳቕ ኣድሕኖ፡ ከሰረ'ዶ እትብሎ ንብረትካ ከም ሞኽ ሕሰቦ ተባሂሉ እዩ ዝምከር። ዝጠዘሐ እዋን ብኸምዚ ኣገባብን ምኽርን ሕድገት ዝገብሩኻ እንተ ሃለው፡ ገለኦም ግን እቲ ሓቅታቶምን ቅንዕናኦምን ተሸፊኑ ዝተርፍ ስለ ዝመስሎም በቃ ናተይ'ዩ ዝበል ካብ ኮነ ዝወለደት ክትወልድ "ብዱርማ ይውሰዶ" እዮም ዝብሉ። ዱርማ ክግበር ኣብ ዝተወሰኑትሉ መዓልቲ፡ ዓዲ ይኹን ካብ ጎደቦታት ናይ ክልቲኦም ወገን ቤተሰብ ክእከብ ጻውዒትን ዕድመን ይግበረሉ። ዋላ እቶም ንማሕላ ዝዳለዉ ሰብጉዳይ'ውን ኩሉ መቕርብኦም ዘበለ ጸውዑ ተባሂሎም እዮም ዝሕብሩ። ኣዘንተውቲ ኣፈ ታሪኽ ከም ዝገልጽዎ መብዛሕቱ እዋን ከኣ እቲ ኣዝዩ ዝሀንደድ ሓዲኦም ደኣ'ምበር ክልቲኦም ዱርማ ክገብር ክምሕል ኣይብሉን እዮም። እቲ ማሕላ ተፈራሂን ዘይፍቶን ስለ ዝኾነ እቲ ዱርማ ክገብር'የ ዝበል'ውን ዋላ ቅኑዕ'ኳ እንተ ሃለወ ከቢድ ጸቕጢ ናይ'ቲ ሕብረተሰብን መቕርቡን ኣለዎ።

ዱርማ ዝፍጸሙ ንዓኡ ዝተመደበ ፍሉይ ቦታ ካብ ዓዲ ምሕዳግ ኣብ ዝበለ ኩጀት ወይ ቦታ መጋባእያ ኣሎ። እዚ ማሕላ'ዚ ብባህላዊ እምነትን ያታን ዝምራሕን ዝትግበርን ደኣ እምበር ምስ ሃይማኖት ዘተሓሕዝ የብሉን። ኣብዚ ወግዒ'ዚ መራሕቲ ሃይማኖት ይኹኑ ቅዱሳት መጻሕፍቲ እምነት ተራ የብሎምን። ከቢድ ናይ ሕልና ፍርዲ ስለ ዝኾነ ኣዝዩ ሳሕቲ እዋናት ብሓደ ክልተ ደፋራትን ስሱዓትን እንተ ዘይኮይኑ ብቐሊሉ ዝድፈር ውሳነ'ውን ኣይኮነን። እቶም ሽምግልቲ ጉዳይ ክልተ ተኻሰስቲ ምስ ኣጽጸሩ ናቶም ግምት ስለ ዘወሰዱ ኑቲ ዝዕምጽ ዘሎ ዝመስሎም እዮም ዱርማ ክገብር ዝሓቱ። ኣብ ገለ እዋናት እቲ ጉዳይ ፍርዲ በዳሂ እዩ። ምናልባት ክልቲኦም ኣነ ክምሕል'የ ክብሉ፡ ወይ'ውን ክልቲኦም ኑቲ ማሕላ ዘይክደፍሩ ይኽእሉ እዮም።


ምምራቕ መርዓት ሕጽኖት

እቶም ኑቲ መስርሕ ዝመርሑን ዝከይዱን ሽማግሌታት ኣብ'ቲ ዝተመርጸ ቦታ ናይ ዕንጨይቲ ወይ ሓጺን መትከል ይተኽሉ። ካብ ሓሙኽሽቲ ከኣ ሓደ ሐሳብ ይመልኡ። ሴፍ ካብ መቕመጠኡ (ጉዛ ሴፍ ወይ ሰገባኡ) መዚዞም ብምውጻእ ኣብ ልዕሊ'ቲ ሓሙኽሽቲ ዝመልኣ ሐሳብን ጥቓ እቲ ዝተተኽለ መትከልን ኣብ ትርር ዝበለ ቦታ ከውሒ ኮፍ ኢሎም ጸዕዳ ነጸላ ብምግልባብ ኑቲ ተመኺሩ ዝኣበየ ሰብ፡ "በል እገለ ይሕሸኒ ካብ በልካ፡ እንሆልካ ከድ! እቲ ዝበሃል ኢልካ ውሰዶ" ይብልዎ። ንሱ ከኣ ደፊሩ እንተ ኣትይዋ ኑቲ ኣብ መሬት ተተኺሉ ዘሎ መትከል ብምንቃል ሰለስተ ግዜ "ኣነ እገለ ዘይናተይ እደሊ እንተ ሃልየ ከምዚ መትከል ይመንቀሰኒ!" ድሕሪ ምባል ካብቲ ኣብ ሐሳብ ዝተቐረበ ሓሙኽሽቲ'ውን ብተመሳሳሊ ሰለስተ ግዜ ብኢዱ ዓሚኹ ንሰማይ እናዘረወ "ከምዚ ሓሙኽሽቲ ይዝረወኒ" ይብል፣ ቀጺሉ'ውን ኣብ መውዳእታ ኑቲ ሴፍ ኣልዒሉ "ዘይናተይ እወስድ እንተ ሃልየ ብኸምዚ ዓይነት ብልሒ ይጉዛዘየኒ" ይብል።


ኣዴታት ኣብ መኣዲ ገዓት

እቶም ኣራእሶም ተጎልቢቦም ኣብቲ ከውሒ ኮፍ ኢሎም ዝከታተልዎ ሰባት ከኣ ኣብ መሬት ደኒኖም፡ "ከም ዘይሰማዕና ይግበረና፡ መርገምካ ንዓኻ ኣይሕለፍ፡ ማዘዞካ የውሕዶ" ይብሉ። ኣብ መጨረሻ ከኣ ተጎልቢቦሞ ዝጸበዩ ነጸላኦም ነገፎም ብምትንሳእ በል ብሓቂ ንጹህ እንተ ኮይንካ ዘውሰኸካ እንተ ኮይኑስ እንሆልካ ውሰዶ ይበሃል።

ኣፈ ታሪኽ ኣቦታት ከም ዝሕብሮ ብስሶዐን ጥልመትን ብማሕላ ዱርማ ብዕሎቕ ዘይንብረቱ ዝወሰደ ሰብ ካብታ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ዝሓጸረን ነዊሕን እዋን ዕምሩ ይሓጽር፡ ደምባኡ ይጸንት፡ ጥሪቱ ኣይሕለዋን ይጸንታ፡ ውሉዱ ኣይዓብዩን ኣይሰስኑን፡ ግራቱ ኣይፈርን፡ ኣብ ኩሉ ህይወቱ ኣሰካሕካሒ ሓደጋታትን ፀነወትን ይደራረቦ። ስለዚ ከኣ እዩ ምሒልካ ካብ ምውሳድኪ ንከይትምሕል ኢልካ ዋላ ናትካ ምግዳፍ ይሓይሽ ዝበሃል።

ከም ያታዊ ብሂልን ምኽርን ቀዳሞት ኣቦታት፡ እቶም ኣቐዲሞም ካብ ማሕላ (ዱርማ)ን መዓቱን ንክትድሕን ዝለምኑኻን ዝመኸሩኻን ሰባት ንዓናይካ ኣምላኽ ዝለኣኾም ስለ ዝኾኑ ብሕልናኻ ረጊእካ ብምሕሳብ ክትቕበሎም ይግባኣካ። ዘረባ መዓድቱን መኸርቱን ዘይሰምዕ ሰብ ከኣ፡ ንኣምላኽ'ውን ዘይሰምዕ ካብ ሰቡ ዝወጽአ ዝተነጸለን ዝተጸልአን እዩ ዝኸውን። መብዛሕቱ ግዜ ብዱርማ ምሒሉ እቲ ዝተጠርጠረ መቕጻዕትን ቅዝፈትን ክወርዶ ዝጀመረ ሰብ ባዕሉ ካብቲ ሕብረተሰብ ይንጸል፡ ዓዲ ይቕየር ወይ'ውን ሃጽ ኢሉ ይጠፍእ። እቲ መርገም ስለ ዘይጋደፎ ግን ኣብ ዝኸዶ ኣይሰምረሉን እዩ ይበሃል።

ስለዚ ከምዚ ዓይነት ፈታኒ ኩነታት ከጋጥም ከሎ፡ ብመጀመርያ ንስለ ኣምላኽን ሕልናኻ ናጻ ንምግባርን ሕድገት ምግባር፡ ብኻልኣይ ደረጃ ከኣ ንስለ ክብሪ ናይቶም ዝምዕዱኻን ዝለምኑኻን ዘለዉ ክትብል "ምእንታኹም ገዲፈዮ ኣሎኹ!" ብምባል ሕድገት ምግባር፡ ዝሓሸ ኣማራጺ ምዃኑ ዝከሓድ ኣይኮነን። ከምኡ ዓይነት ነፍሰ ግትኣትን ትብዓትን ምውናን ከኣ ዝደነቖን ዝተጥዕመን ስለ ዝኾነ ብሰብን ብኣዝዮገን ሞገስ ጻማን ዘወሃብ እዩ ይብሉ።

ኣብ ያታ ብሌን ምስ ባህልን ባህርን ብምትእስሳር ዝግበር ያታዊ ማሕላ ኣዝዩ ከቢድ እዩ። ኣብ ሕጻ'ውን እንተኾነ "መእኩት" ዝበሃል ያታዊ ማሕላ ኣሎ። ዕለተ ሕጻ ምስ ተቖጸረ ክልቲኦም ወገን ተጻመድቲ ናይቶም ጓልን ወድን ብዛዕባ ብኸቢ ኣብ መሬት ኮፍ ኢሎም ብእእዳዎም መሬት ሒዞም ብመንኰኽ፡ ንእንዳ ጓል "ንእከሊት ጓልኩም ንእከለ ሂብኩምዶ?"፣ ኑቶም እንዳ ወዲ ከኣ፡ "ንእከለ ወድኹም ንእከሊት ወሲድኩምዶ?" ተባሂሎም ሰለስተ ግዜ ይሕተቱ። በብወገኖም ከኣ "እወ ሂብና፡ እወ ወሲድና" ኢሎም ይምልሱ። ድሕሪ'ቲ መልሲ ኪዳን ኣምላኽ ይግበር፡ ኣሜን ይበሃሉ። መርኣያ ሰናይ ድሌትን ትምኒትን ከኣ ቆጽሊ ርግዲ ንኣቦ ጓልን ኣቦ ወድን ይወሃብ። ኣብቲ እዋን ሕጻ መሬት ሒዞም ዝገብርዎ ማሕላ "ንሕና እንተ ጠሊምና እዛ ንነብረላ መሬት ትጥለመና!" ማለት ዝሰምዕ ኮይኑ እቲ ውዕል ኪዳን መውሰቦ ኣብ መንጎ እቶም ተጻመድቲ ዘይኮነስ ኣብ መንጎ እቶም ክልተ እንዳባ ዝግበር እዩ። እዚ ውዕል'ዚ ሃይማኖት ብዘገድሶ ንኹሉ ዘማእከለ ምስ ባህርይን ኣምላኽን ብምትእስሳር ዝግበር ባህላዊ ኪዳን እዩ። ኣጋጣሚ ኮይኑ ብሰንኪ ናይ ውሉዶም ዘይምስምማዕ ወይ ካልእ ምኽንያት ዝጠለመ ወገን እንተ ተረኺቡ'ውን ነንሓድሕዶም ናይ ምክሑሓስ ተራር ሕጊ እንዳ ስለዘቕይዶም ኪዳን "መእኩት" ኣዝዩ ጽኑዕ እዩ።


ደበልቲ ኣብ ባህላዊ መርዓ ብሌን

# ንቑሕ ደበና

ሄለን መኸታ

## ተውህቦ Vs ጻዕሪ

### ኣየናይ እንተ ሃለወና ይሓይሽ?

ክንዕወት እንተ ደሊና ፈለማ ተውህቦና ክነለሊ ከም ዘሎና ይንገር እዩ። ተውህቦ ምስ ዓወት እወታውን ቀጥታውን ዝምድና ከም ዘሎዎ፡ ገለ ዓውድታት (ብፍላይ ስነ ጥበብ) ከኣ ብዘይ ተውህቦ ጸብለልታ ከነርእየሉ ከም ዘይንኽእል ይእመን። ተውህቦ ግን ሎቶሪ ናይ ዓወት ድዩ?

**ተውህቦ እንታይ እዩ?**
**ብኸመይከ ናብ ዓወት የምርሓና?**

ተውህቦ ተፈጥሮኣዊ ብልሒነት ወይ ትኩርነት ኮይኑ ንገለ ነገራት ብቕልል ዝበለ ክንርዳእን ከነተግብርን ዘኽእል ሓይሊ እዩ። ተውህቦ ኣብ ዘሎና ነገር፡ ብቐጻሊ ናብኡ ከነዘንብል ምሉእ ግዜና ናብኡ ከነብል ኣይጽግመናን። ግድላት ቀጽሪ ናይ ምፍታሕ ተውህቦ ዘሎዎ ሰብ፡ ነቲ ብዙሕ ሰብ ዝኸበዶ ግድል ከፍትሕ ዝሕግዝ ብልሒ ኣእምሮኡ ይዕደል እዩ። ንብዙሓት ሰባት ዝኸበዶም ግድል፡ ብቐሊሉ ክፈትሕ ብምኽኣሉ ከኣ ነቲ ንጥፈት ክፍትዎን ደጋጊሙ ክዓዮን ይሕግዞ። ስለዚ፡ ተውህቦ ብልሓዊ ብልጫ ጥራይ ዘይኮነ፡ ስምዒታዊ ብልጫ'ውን ኣሎዎ። ይኹን እምበር፡ ተውህቦ ንበይኑ ናብ ዓወት ኩብጽሓና ኣይክእልን እዩ። ተውህቦ ኣብ ዝተለለየሉ እዋን፡ ብልምምድን ስራሕን እንተ ዘይተሰንዩ ክዓብን ክበስልን ኣይክእልን። ተውህቦ፡ ኣብ ንኡስ ዕድመ ክልለ ዝኽእል እዩ። ካብ ንኡስ ዕድመ ክኹስኰስ እንተ ዘይክኢሉ ከኣ ብኡ ንብኡ ክጠፍእ ይኽእል። "ተውህቦ ንኹሉ ሰብ ብማዕረ ዝዕደል ተፈጥሮኣዊ ትዕድልቲ ኣይኮነን፡" ዝብል ዳርጋ ኩልና እንኣምኖ ሓሳብ ኣሎ። ንዝተፈላለየ ሰብ ዝተፈላለየ ተውህቦ ብዝተፈላለየ ዓቐን ክህሉዎ ይኽእል፣ እዚ ተርእዮ ግን ብሰንኪ ተፈጥሮኣዊ ትዕድልቲ ድዩ ወይስ ካልእ ደጋዊ ጽልዋ'ዩ ጸልዩዎ፡ ዝተጸንዐ ሓያል መርትዖ የለን። ብኣንጻሩ እኳ ደኣ ኩሉ ኣብ ዝለዓለ ደረጃ ዝበጽሐ ሰብ ብጻዕሪ እምበር ብዕድል ከም ዘይኮነ እዩ ዝነግር።

ብ1992፡ ኣብዚ ዛዕባ'ዚ ዝመራመሩ ጉጅለ፡ ናይ ሙዚቃ ተውህቦ ዘሎዎም ሰባት ንምንዳይ ናብ ዓዲ እንግሊዝ፡ ተጓዕዙ። እቲ ጉጅለ፡ ኣብ ሙዚቃ ዝነጥፉ 257 ዝኾኑ ቈልዑን መንእሰያትን ንመጽናዕቲ መሪጹ፡ ሰፍሕ ዝበለ ቃለ መሕተት ንኣታቶም፡ ንወለዶምን መምህራኖምን ኣካየደ። እዞም ንመጽናዕቲ ዝተሓረዩ፡ ናይ ሙዚቃ ተመሃሮ ኮይኖም፡ ብመሰረት ዓቕሞም ኣብ ሓሙሽተ ጉጅለ ተኸፋፊሎም ነበሩ። ገለ ካብቲ ሕቶታት ንኽንደይ ግዜ ልምምድ የካይዱ ነይሮም? ካብ ክንደይ ዕድመ ጀሚሮም ተውህቦ ከም ዘሎዎም ተለልዩ? ወዘተ ዝብል ነበረ። እቶም ተመራመርቲ ነቲ መጽናዕቲ ንምክያድ ክልተ ምንጪ ናይ ሓበሬታ ክጥቀሙ ፈቲኖም፣ ሓደ፡ እቲ ቤት ትምህርቲ ሙዚቃ ዝጥቀመሉ ናይ ብቕዓት መምዘኒ፣ ክልተ፡ ካብቶም 257 ተመሃሮ ዝረኸቡዎ ሓበሬታ እዩ። ቀንዲ ዕላማ ናይቲ መጽናዕቲ፡ እቶም "ተውህቦ ኣሎዎም" ዝተባህሉ ተመሃሮ፡ ካብቶም ተውህቦ ዘይብሎም ብኸመይ ይፍለዩ፡ ንምፍታሽ እዩ። ይኹን እምበር እቲ ውጽኢት ካብ ትጽቢቶም ወጻኢ ኮይኑ ጸንሐ። እቲ ኣብ ሓደ ነገር ብሉጻት ክንከውን ዝሕግዝ "ተውህቦ" ኣብቲ ውጽኢት ኣይተረኽበን። ሓደ ካብ ዝተረኸበ ውጽኢት፡ እቶም ብንኡስ ዕድመኦም ድምጺ ክደግሙ ዝኽእሉ ህጻናት፡ ፍሉይ ክእለት ከርእዩ ከም ዝኽእሉ እዩ። እዚ ግን ወለዶም ብንእሽቶኦም ስለ ዝደርፉሎም ዝነበሩ፡ ናይ ምድጋም ብቕዓቶም ጸልዩዎ እምበር ተውህቦ ስለ ዝጸንሖም ኣይኮነን። ብዘይካ'ዚ ዝተጠቕሰ፡ ካልእ ምስ ተውህቦ ዝተሓሓዝ ዝኾነ ውጽኢት ግን ኣይተረኽበን። እቶም ካብ መዛናኦም ብጸብለልታ ዝመርሑ ተመሃሮ፡ ዝነበሮም ፍሉይነት ኣብ ብዝሒ ልምምድ ኮይኑ እዩ ጸኒሑ።

ንተውህቦ ዝተጋነነ ኣድህቦን ክብርን ምሃብ፡ ክንድ'ቲ ኣገዳስነቱ፡ ኣሉታዊ ሳዕቤን ኣሎዎ። ተውህቦ ዘሎዎም ሰባት፡ ዘሎዎም ተፍጥሮኣዊ ትዕድልቲ ብዘይ ጻዕሪ ዝረኸቡዎ ስለዝኾነ ከቃልልዎን ንተውህቦኦም ዘዕኑ ልምድታት ከዕብዩን ይርኣዩ እዮም። ብርክት ዝበሉ ልዑል መጠን ብልሕን ተውህቦን ዘሎዎም፡ ኣብ ተውህቦኦም ብምትእምማን ዝኾነ ጻዕሪ ኣይገብሩን፣ እቲ ብተመኩሮን ልምምድን ክዓቢ ዝግብኦ ባህርን ክእለትን ከኣ ይኸስሩዎ። ስራሕ ብምስግጋር፡ ድኹም ነብሰ ምልክን ምሕደራ ግዜን ይልለዩ። እዚ ድኽመታት ዘስዕቦ ጸቕጢ ኣእምሮ ስለ ዘማዕብሉ ከኣ ናብ ዘይተድልየ ወልፍታት የብሉ እሞ ተህቦኦምን ህይወቶምን ኣብ ሓደጋ የእትዉ። ተውህቦ ልክዕ ከምቲ ተፈጥሮ ዝዓደለና ካልእ ጸጋታት፡ ብግቡእ ክመሓደርን ኣብ መዓላ ክውዕልን የድሊ። ከነምሓድሮን ክንዕቅቦምን ምስ ዘይንኽእል፡ ካብቶም ብቐሊሉ ዝባኽኑ ጸጋታት ይኸውን። ተውህቦ ኣእምሮኣዊ ሓይሊ ስለዝኾነ፡ ልክዕ ከምቲ ካልእ ኣእምሮኣዊ ሓይልታት ብተመጣጥኖነት ሓንጎል ይጽሎ እዩ። ዝያዳ ሓንጎልና ዝተመጠጠ ዝያዳ ተውህቦና ይሕይልን ንነዊሕ ግዜ የገልግለናን። ከምቲ ኩልና እንፈልጦ ከኣ ተመጣጥኖነት ሓንጎል ብልምምድን ተመኩሮን እዩ ዝዓቢ። ስለዚ ብተዘዋዋሪ ተውህቦና ክሰፍሕን ክሕይልን ንደሊ እንተ ኴንና፡ ጻዕሪ የድልየና ማለት እዩ። ብተወሳኺ፡ ዓወት ወይ ጸብለልታ ኣብ ዝኾነ ዓውዲ ምስ ተውህቦ ጥራይ ምትኣስሳር፡ ብተበግሶናን ጻዕርናን ህይወትና ክንቅይር፡ ክንዕወትን ጸብለልታ ከነርእን ከም ዘይንኽእል ዘስምዕ ስለዝኾነ ሃሰያኡ ይብእስ፣ ካብ ሓቂ ዝረሓቐ'ውን እዩ።

ደራሲ ዳኒኤል ኮይል፡ ኣብታ 'ዘ ታለንት ኮድ' ዘርእስታ መጽሓፉ፡ ብዛዕባ ስነ ፍልጠታዊ ርኽበት 'መይሊን' ጽሒፉ ኣሎ። ሓደ ክእለት ከነማዕብል እንከለና፡ ኣብ ሓንጎልና ኤሌክሪካዊ ድፍኢት ወይ ብልጭታታት ዝጸሩ ናይ መትኒ ፋይበራት ይፍጠር። እዚ 'መይለን' ዝብሃል ባእታ ከኣ እዚ ብልጭታታት ነንሕድሕዱ ከይተናኸፍ ሻፉን ዝኾኖ ኣገዳሲ ባእታ እዩ። ረጉድ መይለን ምህላው፡ እዚ መትናዊ ብልጭታታት ብናጽነት ክወናጨፍ ዕድል ይፈጥር። ድልዱልን ረጉድን መይለን ከኣ ብተደጋጋሚ ልምምድ ከም ዝመጽእ እቲ ጽሑፍ ይነግር። መይለን፡ ኩሉ ሰብ ከህሉዎን ከማዕብሎን ይኽእል እዩ፣ ዝያዳ ግን ኣብ ግዜ ቍልዕነት ብቐሊሉ ክዓቢ ይኽእል። በዚ ምኽንያት ከይኮነ ኣይተርፍን፡ ካብ ግዜ ቍልዕነት ዝጀመርናዮ ክእለት ዝያዳ ጸብለልታ ከነርእየሉ እንኽእል። ተውህቦ ብተፈጥሮ ይምጻእ ብልምምድ፡ ከነለልዮ ኣገዳስነት ኣሎዎ፣ እንተኾነ፡ ብሓያል ልምምድን ነብሰ ምልክን እንተ ዘይተሰንዩ፡ ውሑድ ውጽኢት ጥራይ እዩ ዝህብ። ኣብ ሓጺር ግዜ ከኣ ክጠፍእ ይኽእል። ተውህቦ ስለ ዘይብልና ግን ክንዕወት ተስፋ የብልናን ማለት ግን ኣይኮነን። ተውህቦ ሃልዩና ኣይሃልዩና ኣብ ውጽኢት ዘምጽኦ ጽልዋ የለን። ተውህቦ ብተመስጦ ንኽንዓዩ፡ ፍሉይ ቅዲ ኣሰራርሓ ንኽነተኣታቱ፡ ከይሰልከና ንኽንለማመድ ይሕግዝ ይኸውን እዩ፣ ካብኡ ሓሊፉ ግን ብዘይ ጻዕሪ ዝመጽእ ልዑል ውጽኢት ስለ ዘየለ፡ ግዜ ከየባኸና ንኽንዕወት ንጽዓር ጥራይ።



## ህርኩት ቈልዓ ብኸመይ ንምልምል?

ጻዕርን ህርኩትናን ብዘይካ'ቲ ኣብ ነፍሲወከፍ ንጥፈት ዝህበና ልዑል ውጽኢት፡ ቀጻልነት ዘሎዎ እወታዊ ውጽኢት ኣብ ስራሕና ከነምጽእ ዝሕግዝ ባህርያትን ልምድን ከነማዕብል የኽእል። እዚ ባህርን ልምድን ከኣ'ዩ ቀጻልነት ዓወትና ዘውሕሰልና። ደቅና ተውህቦኦም ከለልዩ ክንሕግዞም ዝግባእ እኳ እንተኾነ፡ ዝያዳኡ ግን ህርኩታት፡ ጻዕራማትን ተበግሶ ዘወስዱን ኮይኖም ክዓብዩ ክንሰርሕ የድሊ። ነዚ ክሕግዝ ካብ ዝኽእል ሜላታት፤

1- ሞደል ምኻን፣ ብኣብነት ምምሃር

2- ንውጺኢት ዘይኮነ ንተበግሶ ምትብባዕ

3- ሃናጺ ውድድር ምስራዕ

4- ስሩዕ ክትትልን ምእዘናን ምክያድ

5- ንልምምድን ዕቤትን ባይታ ምፍጣር

6- ሓላፍነት ክስከሙ ምትብባዕ

7- ናኣሽቱ ዓወታት ምጽንባል

8- ኣብ ግዜኡ እወታውን ሃናጽን ግብረ መልሲ ምሃብ

9- ጌጋ ከይፈርሑን ካብ ጌጋኦም ክመሃሩን ምሕጋዝ

10- ዋጋ ጻዕርን ክብሪ ስራሕን ምምሃር

11- ናይ ዕቤት ኩነተ ኣእምሮ ክሃንጹ ምሕጋዝ

12- ኣብኦም ዘሎና ትጽቢትን እምነትን ብግቡእ ምርዳእ



## ካብዚ ክልተ ተርታ ቃላት (ሀን ለን) ነየናይ ንዝክር? ስለምንታይከ?

| ሀ | ለ |
| --- | --- |
| ውቅያኖስ/ ባሕሪ | ብራሕ/ ጠ___ሚ |
| ቈጽሊ/ ገረብ | ዜማ/ ግ____ሚ |
| ሸኮራዊ/ መጺጽ | ተለቢዥን/ ራ____ዮ |
| ፊልም/ ተዋሳእቲ | ሳእኒ/ ካ____ሲ |
| ነዳዲ/ ተሽከርካሪ | ም____ሕ/ ድራር |
| ፍሩታ/ ኣሕምልቲ | ጥራዝ/ ርሳ____ |
| ሰድያ/ ሳሎን | ሸጉርቲ/ ኮሚ___ረ |
| ጻዕዳ/ ጸሊም | ሓቂ/ ሓ___ት |

ኣብ ሓደ መጽናዕቲ ካብ ዝተረኽበ ውጽኢት፡ ዝበዝሑ ካብቶም ተሳተፍቲ ካብ ተርታ ለ ዘኪሮም። ብመሰረት እቲ ዝተረኽበ ውጽኢት፡ ዝበዛሕና፡ ብሰለስተ ዕጽፊ ካብ ተርታ ለ ክንዝክር ልዑል ተኽእሎ ኣሎ። እቲ ምኽንያት ከኣ ኣብ ተርታ ለ፡ ሓንጎልና ነቲ ዝተዋህቦ ግድል ንምፍታሕ ዝያዳ ኣድህቦ ስለ ዝህብ፡ ብእኡ መንጸር ከኣ ናይ ምዝካር ዓቕምና ይውስኽ። እዚ ምስ ተወርሶኣዊ ብልሒ ሓንጎል ምትሕሓዝ ዘሎዎ ግድል ኣይኮነን። ሓንጎልና ብተፈጥሮኡ ብስራሕን ተመኩሮን እዩ ዝብልሕ። ካብ ሒዝናዮ እንውለድ ብልሒ ንላዕሊ፡ ምስ ተወለድና ብእንገብሮ ንጥፈታት ሓንጎልና ዝያዳ ይጽሎን ይሰፍሕን።

# ስፖርት

ሊድያ በረኸት

## ሻምፕዮን ኵዕሶ እግሪ ክለባት ደቂ-ኣንስትዮ ይቐጽል

ብሃገራዊ ፌደረሽን ኵዕሶ እግሪ ኤርትራ ተወዲቡ ካብ 28 ጥሪ ጀሚሩ ኣብ ስታድዮም ኣስመራ ዝቐደድ ዘሎ ሻምፕዮን ክለባት ኵዕሶ እግሪ ደቂ-ኣንስትዮ ኤርትራ፡ ትማሊ ሓሙስ 29 ጥሪ እውን ብክልተ ግጥማት ቀጺሉ ኣርፊዱ።

ኣብቲ ኣብ ሰዓታት ቅድሚ ቀትሪ ዝተሰላሰለ ክልተ ግጥማት፡ ፈለማ ናብ ሜዳ ዝወረደ ክለብ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ምስ ገጀረት ኮይኑ፡ ገጀረት ኣብ ኣርባዕተ ደቒቕ ካብ ሸኻን መበራህቱ ብዘረኸበታ ሸቶ ክትመርሕ ኮይና ኣብ 28 ከምኡ'ውን 59 ደቓይቕ ካብ ዩሊያ ዓይናም ክልተ ሸቶታት፡ ኣብ 53 ደቒቕ ከኣ ካብ የርጋብል ክብርኣብ ብዘረኸበታ ራብዓይቲ



ሸቶ ገፊሕ ዓወት ሰኒዱ። ኣብዚ ግጥም ክልተ ሸቶታት ብምምዝጋብ ዝለዐለ ምንቅስቓስ ዘርኣየት ዩሊያ ዓይናም፡ ካብ ገጀረት ብልጽቲ ተጻዋቲት ተሰይማ።



ዝቐጸለ ግጥም፡ ኣብ መንጎ ዞባ ደቡብን ዕዲጋ ሓሙሰን ኮይኑ፡ ሚዛናዊ ብቕዓት ዝተንጸባረቐሉ ጸወታ ኣካይደን። ተጻዋቲት ሳዕድያ መሓመድ ካብ ዞባ ደቡብ ኣብ መበል 28 ደቒቕ ከምኡውን ቤተልሄም ተኾመ ኣብ መበል 48 ደቒቕ ሸቶ ከመዝገባ ከለዋ፡ ሓናን ሮሞዳን ድማ ኣብ መበል 40 ደቒቕ ካብ ስዕረት ዘይተናግፋ ሸቶ ንዕዲጋ ሓሙሰ ወፍያትሉ። ጸወታ ብዓወት ደቡብ 2ብ1 ተዛዚሙ። ኣብዚ ግጥም ቤቴልሄም ተኾመ ካብ ደቡብ ብልጽቲ ተጻዋቲት ብምኻን ሽልማት ተቐቢላ።

እዚ ሃገራዊ ውድድር ሎሚ ዓርቢ 30 ጥሪ ካብ ሰዓት 2:00 ድሕሪ ቀትሪ ጀሚሩ ኣብ መንጎ ጋሽ-ባርካን ክለብ ጉዳይፍን ከምኡ'ውን ኣብ መንጎ ዞባ ዓንሰባን ክለብ ሰምባልን ብዝቐደዱ ግጥማት ቀጺሉ ክውዕል'ዩ። ሃገራዊ ፌደረሽን ኵዕሶ እግሪ ኤርትራ፡ እዚ ኣብ መንጎ 11 ክለባት ሓሙሽተ ዞባታት ዝቐደድ ዘሎ ሃገራዊ ውድድር፡ ተዓዘብቲ ኣብ ስታድዮም ኣስመራ ተረኺቦም ንጋንታታት ደቂ-ኣንስትዮ ክተባብዑ ጸውዒት ኣቕሪቡ ከምዘሎ ህዝባዊ ርክባት ሃገራዊ ፌደረሽን ኵዕሶ እግሪ ኤርትራ ሓቢሩ።

## ኣስቶን ቪላ ንዳግላስ ሉዊዝ ብልቓሕ ትመልሶ

ኣስቶንቪላ ኑቲ ኣቐዲማ ናብ ጁቬንቱስ ዝሸጠቶ'ሞ ብልቓሕ ምስ ኖቲንግሃም ፎረስት ዝጸንሐ ዳግላስ ሉዊዝ ንዝተረፈ ዓመተ-ጸወታ ብልቓሕ ክትመልሶ ወሲና።

ቪላ ነዚ ተጻዋታይ ኣብ ወርሒ ሓምለ 2019 ካብ ማንሲቲ ዝገዝኣቶ ኮይና፡ ናብ



ፕሪመር ሊግ ድሕሪ ምድያቡ ሓሙሽተ ዓመታት ምስኣ ተጻዊቱ። ኣብ ፕሪመር ሊግ ኣብ ላዕለዋይ ደረጃ ክትስራዕን ኣብ ግጥማት ኤውሮጳ ተወዳዳሪት ክትከውንን ድማ ሓጊዙዋ። ኣብ ዓመት 2023/24 ከኣ ራብዓይ ደረጃ ክትሕዝ ክኢሉ።

ብደቂ ጋንትኡን ደገፍቲ ቪላን ብሉጽ ተጻዋታይ ናይቲ ዓመተ-ጸወታ ተባሂሉ ዝተመርጸ ሉዊዝ፡ ኣብ ኩሉ ውድድራት 10 ሸቶታት ኣመዝጊቡ፡ 10 ድማ ሸቶ ዝኸና ዕድል ፈጢሩ።

ይኹን'ምበር፡ ብ43 ሚልዮን ፓውንድ ናብ ጁቬንቱስ ምስግጋሩ ይፍለጥ።

እንተኾነ፡ ሉዊዝ ኣብ ጁቬንቱስ ብዙዮጦኡ ኣየንጸባረቐን፡ ኣብ መጀመርታ ናይዚ ዓመተ-ጸወታ ድማ ብልቓሕ ናብ ኖቲንግሃም ፎረስት ተሰጋጊሩ። ቅድሚ ብልቓሕ ናብ ኖቲንግሃም ምስግጋሩ ንጁቬንቱስ ኣብ ኩሉ ውድድራት 14 ግዜ ተሰሊፉሉ።

ተጻወትቲ ቪላ ዩሪ ቲለማንስን ጆን ማክጊንን ብምሕረምቲ ካብ ጸወታ ተኣልዮም ብምህላዎም'ሞ ኣብ ማእከላይ መስመር ምክፍፋል ሃጓፍ ኣጋጢሙዋ ብምህላዉ፡ እዚ ብራዚላዊ፡ ኣብ ዝተረፈ ዓመተ-ጸወታ 2025/26 ምስዛ ጋንታ ክጸንሕ'ዩ።

ሉዊዝ ኣብዚ ሰሙን ናብታ ክለብ ዝተመልሰ ካልኣይ ተጻዋታይ ኣዩ። ኣቐዲሙ ኣጥቃዓይ ታሚ ኣብርሃም ካብ በሲክታስ ዶሞ ብ18.25 ሚልዮን ፓውንድ ምስ ቪላ ፈሪሙ እዩ።

## ፓላስ ንስትራንድ ላርሰን ብ50 ሚልዮን ፓውንድ ክተግዕዞ ተሰማሚዓ

ክሪስታል ፓላስ ንኣጥቃዓይ ዎልቭስ ጆርጀን ስትራንድ ላርሰን ብ50 ሚልዮን ፓውንድ ውዕል ንምፍራም ተሰማሚዓ'ላ።



ኣብ ዝሓለፉ 24 ሰዓታት ተጉዳስነት ፓላስ ኣብ ልዕሊ እዚ ወዲ 25 ዓመት ኣጥቃዓይ ጥርዚ በጺሑ ከምዘሎን ወግዓዊ ጨረታ ክቐርብ ምዃኑን ምንጮታት ሓቢሮም።

ፓላስ ኣብ መጀመርታ ናይዚ ወርሒ ንኣጥቃዓይ ዌልስ ብሬናን ጆንሰን ብ35 ሚልዮን ፓውንድ ብምግዛኣ ኑቲ ተታሒዙ ዝጸንሐ ክብረ-ወሰን ክለብ ሰይራቶ'ያ። ምምጻእ ላርሰን ተግባራዊ እንተኾይኑ ድማ ነዚ ክብረ ወሰን እዚ ክሰብሮ'ዩ።

ዎልቭስ ኣብዚ ወርሒ ነዚ ኖርወኛዊ ኣጥቃዓይ ክትሸጦ ማዕጾኣ ኣርሒያ እያ። ኣቐዲሙ ኣብ ክረምቲ ምስግጋር ተጻወትቲ፡ ካብ ኒውካስል ዝቐረበላ 55 ሚልዮን ፓውንድ ነጺጋቶ እያ።

ኣብዚ ቀረባ ግዜ ድማ ብሊድስ ዝቐረበላ 40 ሚልዮን ፓውንድ ከምዘጸገቶ ይፍለጥ።

ፓላስ፡ መጻኢ ተጻዋታያ ጆን ፊሊፕ ማቴታ፡ ኣብ ዘይተረጋገጸሉ እዩ ንስትራንድ ላርሰን ክተምጽኦ ተሰማሚዓ ዘላ።

ማቴታ ካብ ፓላስ ክወጽእ'ዩ ድሌቱ። ንኣቶደድቲ ናይታ ክለብ'ውን ከምዝሓብሮም ይንገር።

ጁቬንቱስን ኤሲ ሚላንን ኣብዚ ፈረንሳዊ ኣህጉራዊ ተጻዋታይ ተጉዳስነት ካብ ዘርኣያ ክለባት ክኾና ከለዋ፡ ኖቲንግሃም ፎረስት ድማ ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን ብኣስታት 35 ሚልዮን ፓውንድ ንምዕዳጉ ጠለብ ኣቕሪባ ነይራ።

## ኣሰልጣኒ ሰኔጋል ቲያው ብዘረጸሞ ጉድለት ዲስፕሊን ተኣጊዱ

ኣሰልጣኒ ሰኔጋል ፓፕ ቲያው ኣብዚ ወርሒ ኣብ ግጥም ፍጻመ ዋንጫ ኣፍሪቃ 2025፡ ብዘረጸሞ ጉድለት ዲስፕሊን ንሓሙሽተ ጸወታታት ክእገድ ተበዩኑሉ።

ኮንፌደረሽን ኵዕሶ እግሪ ኣፍሪቃ (ካፍ) ንቲያው 'ዘይስፖርታዊ ተግባር ፈጺሙ' ን 'ናይቲ ጸወታ ክብሪ ኣሕሲርዎ' ብዝብል ክሲ ገበኛ ምዃኑ ብምጥቃሱ፡ 72 ሽሕ ፓውንድ መቕጻዕቲ እውን በዩኑሉ።

ብሓፈሻ፡ ብድምር ዳርጋ ናብ ሓደ ሚልዮን ፓውንድ ዝጸጋገዐ መቕጻዕቲ ተዋሂቡ።

18 ጥሪ ኣብ መንጎ ሰኔጋልን ሞሮኮን ኣብ ራባት ኣብ ዝተኻየደ ናይ ፍጻመ ጸወታ፡ ክሳብ 90 ደቒቕ 0ብ0 ተወሲኺ ግዜ ዝወሃብ 0ብ0 ኣብ ዝበጽሐሉ፡ ሰኔጋል ኣብ መበል 94 ደቒቕ ብመንገዲ ኢስማኢላ ሳር ሸቶ ኣመዝጊባ፡ ዳኛ ግና ኣብ ልዕሊ ሓሊፍ ጋንታ ሞሮኮ ኣሽራፍ ሓኪሚ በደል ተፈጺሙ ኢሉ ሰሪዝዎ። ኣቐዲሙ ብውሳነ ዳኛ ተቖጢዑ ዝጸንሐ ቲያው፡ ድሕሪ ቁሩብ ደቓይቕ ድማ ተኸላኸሊ ሰኔጋል ማሊክ ዲያፍ ኣብ እዋን ናይ መኣዝን ቅላዕ ኣብ ልዕሊ ብራሂም ዲያዝ በደል ፈጺሙ ተባሂሉ ዳኛ፡ ብሓገዝ ቪድዮ ዳኛትት (ቫር) ፍጹም ቅላዕ ህቡ፡ ቲያው ንተጻወትቱ ካብ ሜዳ ክወጽኡ ኣዚዙ። እቲ ጸወታ ብኣስታት 17 ደቓይቕ ድሕሪ ምድንጓዩ ድማ፡ ኣጥቃዓይ ሰኔጋል ሳድዮ ማነ ንደቂ-



ጋንትኡ ናብ ሜዳ ኣብ ምምላስ ልዑል ተራ ተጻዊቱ። ብራሂም ዲያዝ ዝሃረማ ፍጹም ቅላዕ ብሓላዊ ልዳት ሰኔጋል ኤድዋርድ መንዲ ድሕሪ ምድሓና ከኣ፡ ዳኛ ጃን ጃክስ ብኡ ንብኡ መዛዘሚ ምዱብ ሰዓት ፈጺሙ ነፊሑ። ኣብ ተወሳኺ 30 ደቒቕ ድማ ምስ ቪላሪያል ኣብ ላሊጋ ዝጻወት ፓፕ ገየ ኣብ ራብዓይ ደቒቕ ሸቶ ኣመዝጊቡ። ሰኔጋል 1ብ0 ተዓዊታ፡ ንኻልኣይ ግዜ ነዚ ውድድር ተዓዊታትሉ።

ብተወሳኺ፡ ኣጥቃዕቲ ሰኔጋል ኢሊማን ንድያየን ሳርን "ኣብ ልዕሊ ዳኛ ዘይስፖርታዊ ምንቅስቓስ ኣርእዮም" ብምባል ክልተ ጸወታታት ክቐጽዑ እንከለው፡ ፌደረሽን ኵዕሶ እግሪ ሰኔጋል ድማ ብድምር 444 ሽሕ ፓውንድ ተቐጺዑ።

ብወገን ሞሮኮ እውን፡ ኣጥቃዓይ እስማኢል ሳይባሪ ንሰለስተ ጸወታታት ክእገድን 72 ሽሕ ፓውንድ ዝተቐጽዐ፡ ተኸላኻላይ ሓኪሚ ድማ ንኽልተ ጸወታታት ክቐጻዕ እንከሎ፡ ሓደ ምሉእ ወቕቲ ጸወታ ማለት ን12 ኣዋርሕ እውን ተኣጊዱ።

ፌደረሽን ኵዕሶ እግሪ ሞሮኮ፡ ተጻወትቲ ሰኔጋል ካብ ሜዳ ምስ ወጹ ወጻኢት ናይቲ ጸወታ ናብ ጉበር ክምለስ ጻዕሪ ከምዝገበረ እኳ እንተጠቐሰ፡ ብኮሚቲ ዲሲፕሊን ካፍ ግን ተኣጊቱ።

እቲ ንቲያውን ኑቶም ኣርባዕተ ተጻወትትን ዝምልከት እገዳ ምስ ጸወታታት ካፍ ጥራይ ዝተኣሳሰረ ኮይኑ፡ ኣብ ምድላዋት ዋንጫ ዓለም ኣመሪካ፡ ካናዳን ሜክሲኮን ጽልዋ የብሉን።

> **መደብ ጸወታ**
>
> **ሎሚ**
>
> ሃገራዊ ሻምፕዮን ኵዕሶ እግሪ ክለባት ደቂ-ኣንስትዮ
>
> ጉዳይፍ - ጋሽ-ባርካ 2:00 ድ.ቀ.
>
> ሰምባል - ዓንሰባ 3:40 ድ.ቀ.

## ኣብ 98 ደቒቕ ታሪኽ ዝሰርሐ ሓላዊ ልዳት በንፊካ

ን15 ግዜ ሻምፕዮን ኤውሮጳ ዝኾነት ሬያል ማድሪድ፡ ረቡዕ ምሸት ናብ ሊዝበን ተጓዒዛ ሓላዊ ልዳት በንፊካ ኣናቶሊ ትሩብን ብዘመዝገቦ ኣደናቒት ሸቶ ብዓወት ተመሊሱ።

ኣብ ተወሳኺ ግዜ 3ብ2 መራሒ ዝነበረት በንፊካ ናብ ዝቕጽል ግጥማት ተወሳኺ ሸቶ የድልያ ነይሩ።

ብኩርናዕ ዝተቐልዐት ነጻ ቕላዕ ኵዕሶ ሓላዊ ልዳት በንፊካ ኣናቶሊ ትሩብን ብርእሱ ሃሪሙ ምስ ልዳት ሓዊስዎ። ድሕሪ ቁሩብ ደቓይቕ ኣብ ስታድዮ ዳ ሉዝ ተጻወትቲ ቤንፊካ ብኹሉ ኣንፈት ክጎዩን ሓጎሶም ክጸንብሉን ተራእዩ። ጸወታ 4ብ2 ተዛዚሙ።

ድሕሪ ጸወታ ሞሪኖ ነዚ ኣመልኪቱ፡ "ፍሉይቲ ሸቶ፡ ታሪኻዊት ሸቶ፡ ንመላእ ስታድዮም ዳርጋ ዘርከበት ሸቶ፡ ንዓና ድማ ኣዝያ ዝዀበኦናዮ ነይሩ ይመስለኒ። በንፊካ ንርያል ማድሪድ ክትስዕራ ክትኣምና ዘጽግም ክብሪ'ዩ። ናይ መወዳእታ ለወጢ ክዝበር ከለኹ፡ ፍራንጆ ኢቫኖቪችን ኣንቶንዮ ሰልቫን ማስመር ወጻኢት እኽሉ ምዃኑ ተሓቢሩ፡ ስለዚ በዚ ይዛዘም ኣለ ኣዚዘኩ። ድሕሪ ቁሩብ ካልኢት ግን፡ ተወሳኺ ሓንቲ ሸቶ ከምተድልየና ተሓቢሩ፡ ኣብታ ህሞት ተወሳኺ ለወጢ ክዝበር ግን ኣይክእልንየ። እቲ ዕድለኛ ነጥቢ ንሱ እዩ ነይሩ፡ ናጻ ቕላዕ ንምርካብ ምስቲ ዓቢ ወዲ ናብኡ ክኸይድ ምፍቃድና። ብዙሕ ጸወታታት ተዓዊተን ተሳዒረንየ፡ ኣብ መወዳእታ ደቒቕ ግን ሓላዊ ልዳተይ ሸቶ ብምምዝጋብ ተዓዊተ ኣይፈልጥን። ኣብ ኵዕሶ እግሪ ኩሉ ዝረኣኹ መሲሉኒ፡ እዚ ግን ኣይረኣኹን" ኢሉ።

ትሩብን፡ "ቅድሚ ሕጂ እንታይ ከምዝድልየና ኣየርደኣንየ ነይሩ። ተወሳኺ ሓንቲ ሸቶ የድልየና ከምዝነበረ ውን ኣይፈለጥኩን። ንዕድለይ ዝፈተኹዎ ኵዕሶ ንጋንታይ ከድሕና ኣኽኢሉኒ። ሸቶ ምምዝጋብ ስለዘይለመድኩዎ፡ ንዓይ ፍጹም ሓድሽ ነገር'ዩ ነይሩ። ወዲ 24 ዓመት'የ፡ ንዓይ ድማ ንመጀመርታ ግዜ'ዩ" ኢሉ።

ማሰርሕ ሊግ ዝሰርሓሉ ኣጋጣሚ ኣብ ግምት ብምእታው፡ ኣብ ናይ መወዳእታ መዓልቲ 18 ጸወታታት ብሓንሳብ ዝቐደድ ኮይኑ፡ ትሩብን ጋንትኡ እንታይ ከምዝድልያ ምሉእ ብምሉእ ዘይምፍላጡ ዘገርም ኣይኮነን።

ኣብ መወዳእታ ናይቲ ሸሞንተ ዙርያታት ዝቐደድ ምዕራፍ ሻምፕዮንስ ሊግ፡ በዚ ማሰረት ክለብ ማርሰለ ዕድለኛ ዘይኮነት ክለብ ኮይና፡ ካብ ናይ ኣውዲቐካ ምሕላፍ ቦታታት ተሪፋ፡ ቦትኣ ብበንፊካ ተተኪኣ'ላ።



# ዜና ዓለም

ዮርዳኖስ ጸጋይ

## ቻይና፡ 11 ኣባላት ናይ ገበን ጉጅለ ብሞት ቀጺዓ

ህዝባዊት ሪፓብሊክ ቻይና፡ 11 ኣባላት ናይቲ ብሰሜናዊ ምብራቓዊ ዶባ ኣብ ዝርከብ ክፋል ሚያንማር ዝተዋፈረ ኣብ ምትላል ዝጥፍ ዕሉል ጉጅለ ብሞት ከም ዝቐጽዐት፡ መንግስታዊ ማዕከናት ዜና ናይታ ሃገር ሓቢረን።

እቶም ኣባላት ናይቲ ብ'ስድራቤት ሚንግ' ዝፍለጥ ዕሉል ጉጅለ ገበን፡ ዝሓለፈ መስከረም ብቕትለት፡ ዘይሕጋዊ ማእሰርቲ፡ ምትላልን ምቝም ናይ ቁማር ማእከላትን ዝጠቓለሉ ብርክት ዝበሉ ገበናዊ ተግባራት ገበኖኛታት ኮይኖም ከም ዝተረኽቡ ተገሊጹ።

ስድራቤት ሚንግ ሓደ ካብ'ቶም ኣብ ክፍሊ ሃገር ሻን - ሚያንማር ዝርከቡ ብርክት ዝበሉ ጉጅለታት ገበን ኮይኑ፡ ኣብ 2023 ኑቲ ከባቢ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽሩ ብዘእተወ ብሄራዊ ዕጡቕ ጉጅለ ንብርክት ዝበሉ ኣባላት ናይቲ ጉጅለ ገበን ናብ መንግስቲ ቻይና ከም ዘስተለሞም ጸብጻባት የመልክቱ።

ብመሰረት እቶም ጸብጻባት፡ ስድራቤት ሚንግ ካብ 2015 ክሳብ 2023 ኣብ ዘካየዶ ናይ ምትላልን ቁማርን ንጥፈታት፡ 1.4 ቢልዮን ዶላር ኣታዊ ኣኻዕቢቱ።

ብተወሳኺ፡ ብሰንኪ ገበናዊ ንጥፈታት ናይቲ ጉጅለ ገበን፡ 14 ቻይናውያን ክቕተሉ እንከለዉ፡ ካልኦት ብርክት ዝበሉ ሰባት ከኣ ግዳይ ኣካላውን ኣእምሮኣውን መጉዳእቲ ከም ዝኾኑ ጸብጻባት ይሕብሩ።



## መራሕቲ ቻይናን ብሪጣንያን ተራኺቦም

ቀዳማይ ሚኒስተር ብሪጣንያ ኬር ስታመር፡ ኑቲ ንዓመታት ኣብ ወጥሪ ዝጸንሐ ዝምድና ሃገሩን ህዝባዊት ሪፓብሊክ ቻይናን ዳግማይ ንምትዕርራይ፡ ምስ ፕረዚደንት ናይታ ሃገር ሺ ጂንፒንግ ኣብ ቤጂንግ ከም ዝተራኸበ ተሓቢሩ።

ኬር ስታመር፡ ናብ ህዝባዊት ሪፓብሊክ ቻይና ድሕሪ ሸሞንተ ዓመታት ዑደት ዘካይድ ዘሎ ናይ ፈለማ ቀዳማይ ሚኒስተር ብሪጣንያ እዩ።

እቲ ዑደት፡ ኣብቲ ዝምድና ብሪጣንያን ኣመሪካን ኣንፈቱ ኣብ ዝልወጠሉ ዘሎ እዋን ይካየድ ምህላዉ እዮም ተዓዘብቲ ዘመልክቱ።

እቶም መራሕቲ ኣብቲ ንልዕሊ ሰዓት ዘካየድዎ ዝርርብ፡ ብሪጣንያ ምስ ህዝባዊት ሪፓብሊክ ቻይና ኣገዳሲ ምዕቡል ዝምድና ንምምስራት ድሌት ከም ዘለዋ፡ ኬር ስታመር ሓቢሩ።

እቲ ቀዳማይ ሚኒስተር ወሲኹ፡ ቻይና ኣብ መድረኽ ዓለም ዘለዋ ኣገዳስነት ዓቢ ምዃኑ ድሕሪ ምግላጽ፡ ሃገሩ ምስ ቻይና ዘለዋ ዝምድና ከተዕቢ፡ ከምኡ'ውን ኣብቲ ንኽልቲኦን ሃገራት ዘጸቓዱ ዛዕባታት ብዕቱብ እሂን ምሂን ክትበሃሃል ድሌት ከም ዘለዋ ኣስሚሩሉ።

ፕረዚደንት ሺ ጂንፒንግ ብወገኑ፡ ህዝባዊት ሪፓብሊክ ቻይናን ብሪጣንያን ዝለወን ፍልልያት በዲህን ንኣህጉራዊ ሰላምን ምርግጋእን ብልጽግናን ክሰርሓ ጸዊዑ።

ፕረዚደንት ሺ ጂንፒንግን ቀዳማይ ሚኒስተር ኬር ስታመርን፡ ንዝምድና ክልተአን ሃገራት ዘደልድሉ ብርክት ዝበሉ ስምምዓት ክኽትሙ ትጽቢት ከም ዘሎ'ውን ተገሊጹ ኣሎ።



## ፕረዚደንት ሶርያ ናብ ሩስያ ይበጽሕ

ፕረዚደንት ፈደረሽን ሩስያ ቭላድሚር ፑቲን፡ ንሶርያዊ መዘናኡ ኣሕመድ ኣል ሻራ ኣብ ከተማ ሞስኮ ተቐቢሉ ከም ዘዘራረበ ተሓቢሩ።

ክልቲኦም መራሕቲ ሃገራት፡ ኣብ ዳግመ ህንጻት ሶርያን ኣብ ክልተኣዊ ምትሕብባርን ኣመልኪቶም ከም ዝዘተዩ ተገሊጹ።

ኣብቲ ዝርርብ፡ ፕረዚደንት ፑቲን፡ ዲፕሎማስያዊ ዝምድና ሃገሩን ሶርያን ወትሩ ምሕዝነታዊ ምዃኑ ድሕሪ ምግላጽ፡ ፕረዚደንት ኣል ሻራ ኣብ ምምዕባል እቲ ዝምድና ንዝገበሮ ኣበርክቶ ኣመስጊኑ።

ፕረዚደንት ፑቲን ወሲኹ፡ ዝሓለፈ ጥቕምቲ ኣብ መንጎ እቶም መራሕቲ ድሕሪ ዝተኻየደ ርክብ፡ ንግዳዊ ዝምድና ክልተአን ሃገራት ብ4 ሚእታዊት ከም ዝዓበየ ኣፍሊጡ።

እቲ ተመዝጊቡ ዘሎ ንግዳዊ ዕቤት፡ ከምቲ ኣቓዲሙ ተሰሩ ዝተኑበሮ ከም ዘይኮነ ዝገለጸ ፕረዚደንት ፑቲን፡ ፈደረሽን ሩስያን ሶርያን ኣብ ኩሉ ጽላታት ዘለወን ምትሕብባር ንምድንፋዕ ብንጥፈት ክሰርሓ ምዃነን ኣገንዚቡ።

ብመሰረት ጸብጻባት፡ ሞስኮን ደማስቆን ኣብ ጽላት ጥዕና፡ ህንጻት፡ ኢንዱስትሪን ስፖርትን ሓቢረን ክሰርሓ ተሰማሚዐን ኣለዋ።

ፕረዚደንት ኣልሻራ ድሕሪ'ቲ ርክብ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ፈደረሽን ሩስያ ኣብ ሶርያን ማእከላይ ምብራቕን ርግኣት ንምስፋን ዘካየደቶ ጻዕርታት መጒሱ።



## ኢራን ንኣመሪካ ተጠንቀቕ

ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ኢራን ዓባስ ኣራግቺ፡ ዕጡቓት ሓይልታት ኢራን፡ ካብ ኣመሪካ ክመጽእ ንዝኽእል መጥቃዕቲ ቅልጡፍን ሓያልን ግብረ መልሲ ንምሃብ ኣብ ተጠንቀቕ ከም ዝርከቡ ኣፍሊጡ።

እቲ ብዓል ስልጣን ዘይ.መጠንቀቕታ'ዚ ዝሃበ ዘሎ፡ ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ ኣብ ልዕሊ ኢራን ወተሃደራዊ ስጉምቲ ክወስድ ከም ዝኽእል ድሕሪ ምፍርራሑ እዩ።

ሚኒስተር ዓባስ ኣራግቺ ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢታት ኣብ ዘስፈሮ ሓበሬታ፡ ዕጡቓት ሓይልታት ሃገሩ፡ ኣብ ልዕሊ ልኡላዊ መሬት፡ ኣየርን ማያትን ኢራን ንዝፍጸም መጥቃዕቲ ምላሽ ንምሃብ፡ ኣጻብዖም ኣብ ቃታ ከም ዝርከብ ኣጠንቂቑ።

እቲ ሚኒስተር ወሲኹ፡ ኢራን እቲ ኣብ ዝሓለፈ ሰነ ብእስራኤልን ኣመሪካን ኣብ ልዕሊኣ ዝተፈጸመ ን12 መዓልታት ዝቐጸለ መጥቃዕቲ ዝቐሰሙቶ ኣገዳሲ ተሞኩሮ፡ ግብረ መልሲ ኣብ ምሃብ ደፋኢ ሓይሊ ክኾና ምኽኑ ገሊጹ።

ፕረዚደንት ትራምፕ ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢ 'ትሩዝ ሶሻል' ኣብ ዘስፈሮ ሓበሬታ፡ ኣድላዪ እንተ ኾይኑ ኣብ ልዕሊ ኢራን ንዘውሃበን ተልእኾ ብቕልጡፍ ክፍጽማ ዝኽእላ ብርክት ዝበላ መራኽብ ውግእ ናብታ ሃገር የምርሓ ከም ዘለዋ ኣፍሊጡ።

ፕረዚደንት ትራምፕ ወሲኹ፡ ኢራን ግዜ ከይወሰደት ንዩክሊሳዊ ኣጽዋር ንኸይተማዕብል ክትሰማማዕ፡ ምስ ዘይትሰማማዕ ግን፡ ኣመሪካ ካብቲ ዝሓለፈ ሰነ ኣብ ልዕሊ ንዩክሊሳዊ መደበራታ ዘካየደቶ ደብዳባት ዝበኣሰ መጥቃዕትታት ከተካይድ ምዃና ኣጠንቂቑ ኣሎ።



## ኮሎምብያ - ብሓደጋ ነፋሪት 15 ሰባት ሞይቶም

ኣብ ሰሜናዊ ክፋል ኮሎምቢያ ሓንቲ ናይ ህዝቢ ነፋሪት ወዲቓ ብምሕምሻሻ፡ ኩሎም ተሳፈርታ ከም ዝሞቱ፡ ሳቲና ዝተባህለ መንግስታዊ መንገዲ ኣየር ናይታ ሃገር ኣፍሊጡ።

እቲ መንገዲ ኣየር ወሲኹ፡ ስብርባር ናይታ 'ቢችክራፍት 1900' ዝዓይነታ 15 ሰባት ኣሳፊራ ዝነበረት ነፋሪት፡ ኣብ ኣኽራናት ናይቲ ዞባ ከም ዝተረኽበ ገሊጹ።

ኣብቲ ብመንገዲ ኣየር ሳቲና ዕላዊ ዝኾነ ዝርዝር መንነት ተገዓዚዙ፡ ኣባል ባይቶ ኮሎምብያ ዲዮጀነስ ኩንተሮን ሕጹይ ናይ ዝመጽእ ባይቶኣዊ ምርጫ ካርሎስ ሳልሴዶን ገለ ካብ'ቶም ግዳያት ምዃኖም ተፈሊጦም ኣለዉ።

እቲ መንገዲ ኣየር፡ እታ 13 ተሳፈርትን ክልተ ሰራሕተኛታትን ኣሳፊራ ካብ ከተማ ኩኩታ ዝተበገሰት ነፋሪት፡ ኣብ ጥቓ ዶብ ቬንዙዌላ ኣብ እትርከብ ከተማ ኦካኛ ክትዓልብ 11 ደቓይቕ ጥራሕ ምስ ተረፋ፡ ምስ ኣብረርታ ዝነበሮ ርክብ ምሉእ ብምሉእ ከም እተቛረጸ ኣፈሊጡ።

ፕረዚደንት ኮሎምብያ ጉስታቮ ፔትሮ ብማሕበራዊ መራኸቢ 'ኤክስ' ኣብ ዘመሓላለፎ መልእኽቲ፡ ንስድራቤት ግዳያት ጸገዖት ተመንዩ።



| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ቤት መሸጣ መድሃኒት ኹት | 30/1/26 | ጎደና ኣፍዓበት ቁ.209 ፊት ሆስፒታል ዕዳጋ ሓሙስ | 125154 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ　　ቁ.ቴሌፎን 127565

Sabur Printing Services